# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.190 | ሓሙስ 10 ሚያዝያ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ስነቁጠባ እንታይ እዩ



ገጽ 4
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?




ገጽ 5
ሓቂ ስሚዐ ወርቂ ረኺበ



ገጽ 11
ውዕሎ ሳልሳይ መድረኽ ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል




# ኣስመራ - ፖሊስ ኤርትራ፡ ኣብ ተመሃሮ ዝቐንዐ ጎስጓስ ኣካዪዱ





ፖሊስ ኤርትራ፡ ምስ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ብምውህሃድ፡ ተመሃሮ ብስሩዕ ምግባር ተኸብኪቦም ንኽፍዕብዩ፡ “ጽባሕ እንደልዮ ሎሚ ንጀምሮ” ብዝብል ቴማ፡ ካብ 22 መጋቢት ክሳብ 8 ሚያዝያ ኣብ ኣስመራ ጎስጓስ ኣካዪዱ።

ኣብ’ቲ ካብ 13 ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተዋጽኡ ልዕሊ 22 ሽሕ ተመሃሮን 104 መማህራንን ዝተሳተፍዎ ጎስጓስ፡ ኣብ ጠንቅታትን ሳዕቤናትን ማናያት ወልፍታት፣ ገበናትን በደላትን፣ ከምኡ’ውን ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ ጸርግያን ካልእ ምስ ሓደጋታት ትራፊክ ዝተሓሓዘ ጉዳያትን ብቪደዮ ዝተሰነየ መግለጺታት ቀሪቡ።

ኣብ’ቲ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ኣባል ህዝባዊ ርክብ ፖሊስ ኤርትራ ሜጀር ገርኣዮ ተኽሉ ቀንዲ ዕላማ ናይ’ቲ መደብ፡ ተመሃሮ ካብ ገበናትን በደላትን ናጻ ኮይኖም፡ ተረሒዩሎም ዘሎ ዕድላት ትምህርቲ ናብ ረብሓኦም ከውዕልዎ ንምዝኽኻር ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር በላይ ሃብተጋብር ብወገኑ፡ ፖሊስ ብዘካይዶ ቀጻሊ ኣስተምህሮኣዊ ጎስጓሳት፡ ተርእዮ በደላትን ገበናትን እናንቆልቆለ ምምጽኡ ጠቒሱ፡ ወለዲ ዝ. ኣብ ደቆም ዘተኩረ ጎስጓሳት፡ ኣብ መንበሪኦም ብንቕሓት ክዝትዩሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ ኮሎኔል መሓሪ ጸጋይ ብወገኑ፡ ንኣገዳስነትን እዋናውነትን ናይ’ቲ ኣስተምህሮ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ እሩማት ዜጋታት ንክኾኑ ክኽተልዎ ዘለዎም ሰናይ ተግባራት ብዝርዝር ገሊጹ።

እቲ መደብ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት በርኽ፡ ጋሉፍሒን ሰረጀቓን ክቕጽል መደብ ተታሒዙ ከምዘሎ፡ ካብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

# ዓዲ-ኳላ - ስልጠና ምሕደራን መሪሕነትን ንመንእሰያት ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ፡ ብደረጃ ምምሕዳራት ከባቢን ዓድታትን ኣብ ውዳበ መንእሰያት ንዘለዉ ልዕሊ 100 መንእሰያት፡ ኣብ ምሕደራን መሪሕነትን ዘተኩረ ስልጠና፡ ካብ 4 ክሳብ 7 ሚያዝያ ተዋሂቡ።

ኣብ መዛዘሚ ናይ’ቲ ስልጠና፡ ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ ኣቶ ግርማይ ጉብሩ፡ ሰልጠንቲ - ወከልቲ ማሕበር ኣብ ንኡሳን ዞባታት እምኒ-ሓይሊ፡ መንደፈራ፡ ደባርዋ፡ ዓረዛ፡ ማይምነን ዓዲ-ኳላን ምዃኖም ብምጥቃስ፡ እቲ ዕላማ - ናይ ምሕደራን መሪሕነትን ብቕዓቶም ክብ ብምባል፡ ንጥፈታት ማሕበር ንምስፋሕ ዝዓለመ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

መሳርሒ ናይ ኩሉ ዓይነት ውዳበ ምምሕዳር ከባቢ ከምዝኾኑ ዝጠቐሰ ኣቶ ግርማይ፡ ሰልጠንቲ - ውዳበታት ማሕበር ብምድልዳል ብኩሉ-ንትንኡ ብቑዕ መንእሰይ ንምህናጽ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ ብትግሃት ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ ስልጠና ኣብ ምስፋሕ ሓደሽቲ ውዳበታት መንእሰያት ሓጋዚ ተራ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ምትሕብባር ሕብረተሰብ ከይፍለዮም ተላብዮም።


ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ ሃማመተኤ - ውዳበታቱ ንምስፋሕን ንቕሓት መንእሰያት ንምብራኽን ክሳብ ምምሕዳራት ከባቢን ዓድታትን ወሪዱ ዘካይዶ ዘሎ ንጥፈታት መጉሱ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ሰልጠንቲ ናብ ታሪኻዊ ደፋዓት ዓዲብርያ ዑደት ብምክያድ፡ ኣብ 2000 ዓመተ-ምህረት ኣብ’ቲ ቦታ ብዛዕባ ዝተፈጸመ ውዕሎ መግለጺ ተዋሂብዎም።



ሰኣላይ ተስፋሂወት ወልደኣብዝጊ

# መበል 34 ዓመት በዓል ናጽነት፡ “መስመርና ድርዕና” ብዝብል ቴማ ክጽንበል’ዩ



24 ግንቦት - መበል 34 ዓመት በዓል ናጽነት ኤርትራ፡ “መስመርና ድርዕና” ብዝብል ቴማ ከምዝበዓል፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ገሊጹ።

ንኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣምባሳደር ዘመደ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ቴማ መድረኻዊ ኩይኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሕጂ’ውን - ከም ወትሩ ኣብ መስመሩ ጸኒዑ ከምዘሎ ዘንጸባርቕ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ዝ. ሃገራዊ በዓል ንምድማቕ፡ ንኣዋርሕ ዝቐጸለ ምድላዋት ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ይካየድ ከምዘሎ፡ ኣምባሳደር ዘመደ ብተወሳኺ ኣፍሊጡ።

# ሕብረተሰብ፡ ብሰብ ሞያ ዘይተኣዘዘሉ መነጽር ዓይኒ ከይጥቀም ይምከር

ሕብረተሰብ፡ ብሰብ ሞያ ዘይተኣዘዘሉ መጸር ዓይኒ ከይጥቀም፡ ኣብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ - ክኢላ ሕክምና ዓይኒ መንእሰይ ኣሌክሳንደር ፍስሃ ኣዘኻኺሩ።

ምስ ምውሳኽ ዕድመ - ብፍላይ ካብ ልዕሊ 40 ዓመት፡ ኣብ ዝጠዝዝ ሰብ ነገራት ብቐረባ ናይ ምርኣይ ጸገማት ክምዕብል ከምዝኽእል ብምጥቃስ፡ ዝ. ጸገም’ዚ ንምፍታሕ ተባሂሉ፡ ሞያዊ ዘይኣዘዘልካ መጸር ካብ ጉደናታት ዓዲግካ ምጥቃም ከም ተርእዮ ከምዘሎ፡ እዚ ድማ ኑቲ ጸገም ዘጋድድ ስለዝኾነ ዜጋታት ንቕሓቶም ክበርኹ ኣተሓሳሰበ።

እቲ ዘጋጥም ናይ ዓይኒ ጸገም ጠንቁ ካልእ ክኸውን ስለዝኽእል፡ ሕብረተሰብ ስሩዕ መርመራታት ክካይድ፣ ዝደሊ መርመራታት ተኻይዱሉ መጸር ምስ ተኣዘዘሉ ድማ ናብ ትካላት መጸር ዓይኒ ብምኻድ ክዕድግ መኺሩ።

ናይ ጸሓይ ተባሂሉ ዝሽየጥ፣ ከምኡ’ውን ምስ ዓይንኻን ኩነታት ስራሕካን ዘይሰማማዕ መጸር ዓይኒ’ውን እንተኾነ ብምኽርን ትእዛዝን ክኢላታት ሕክምና ዓይኒ ክኸውን ከምዘለዎ፡ መንእሰይ ኣሌክሳንደር ብተወሳኺ ኣዘኻኺሩ።

# ላዕላይ-ጋሽ፡ ስፖርታውን ባህላውን ቅነ-ተመሃሮ ተኻዪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ላዕላይ ጋሽ፡ ካብ 52 ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተወከሉ 1,100 ተመሃሮን 116 መማህራንን ዝተሳተፍዎ ስፖርታውን ባህላውን ቅነ ተመሃሮ፡ ኣብ ተኾምብያ ተኻዪዱ።

እቲ ቅነ፡ ቅድድም ብሽክለታ ዝርከቦ ስፖርታዊ ውድድራት፡ ከምኡ’ውን ባህላዊ መሰናድኣታትን ትምህርታዊ መደባትን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ’ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ቃልኣብ በርሀ ኣብ ዘስመዖ መዛዘሚ ቃል፡ እቲ ኣካል ዓመታዊ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ዝኾነ ቅነ፡ ብቕዓትን ዝንባለን ተመሃሮ ኣብ ባህላውን ስፖርታውን ንጥፈታት ዝንጸባረቐሉን ተመኩሮ ዝለዋወጡሉን መድረኽ ብምዃኑ፡ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ብተሳትፎን ትሕዝቶን ምዕባለ የርኢ ከምዘሎ ገሊጹ።

ሓላፊ ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን መምህር ሓጎስ ዕቑባይ ብወገኑ፡ ንኣገዳስነት ናይ’ቲ ቅነ ብምጥቃስ፡ ንምሕያሉ ብዕቱብ ክሰርሑ ብምትሕስሳብ፡ ኣብርክቶ ንዝገበሩ ምስጋና ኣቕሪቡ።

ዜና

# ዞባ ማእከል - ንስነ-ቁጽሪ ዝምልከት ዓውደ-ትርኢት ተዛዚሙ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ “ምስሳስ ኤርትራዊ ሸውሃት ኣብ ስነ-ቁጽሪ” ብዝብል ቴማ ዝተወደበ፡ ንመሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ስነ-ቑጽሪ ዘንጸባርቕ፡ ብ5 ሚያዝያ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ዝተኸፍተ ዓውደ-ትርኢት፡ ብ8 ሚያዝያ ተዛዚሙ።

ኣብ’ዚ ብዓይነቱ ናይ ፈለማ ዝኾነ ዓውደ-ትርኢት፡ ካብ 20 ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተዋጽኡ 280 ተመሃሮን 40 ኣለይቲ መምህራንን፡ ንድሕረ-ባይታን ታሪኽን ስነ-ቁጽሪ፡ ክሉብ ስነ-ቁጽሪ፡ ቤተ-ፈተነ ስነ-ቑጽሪ፡ ቴክኖሎጂን ስነ-ቁጽርን፡ ከምኡ’ውን ካልእ ዛዕባታት ዘንጸባርቕ ትሕዝቶ ከምዝቐረቡ፡ ካብ ኣወሃሃድቲ ናይ’ቲ መደብ መምህር ዮናታን ግርማይ ሓቢሩ።

ኑቲ ዓውደ-ትርኢት፡ ብጠቕላላ ልዕሊ 10 ሽሕ ተመሃሮ ከምእተዓዘብዎ፡ እቲ ሓበሬታ ብተወሳኺ ኣፍሊጡ።

ተሳተፍትን ተዓዘብትን ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እቲ ዓውደ-ትርኢት ንተመሃሮ ብዝምስጥ ኣገባብ ምቕራቡ፡ ኣብ ስነ-ቁጽሪ ንዘጸንሐ ግጉይ ኣመለኻኽታ ዝቕይር ኩይኑ ከምዝረኸብዎ ብምጥቃስ፡ ኣገዳስነቱ ተራእዩ ኣብ መጻኢ ብዝሰፍሐ መንገዲ ክውደብ ተላብዮም።

እቲ ዓውደ-ትርኢት፡ ኑቲ ኣብ ስነ-ቑጽሪ ክርአ ዝጸንሐ ድኻማት ንምፍዋስ፡ ኣብ ኣገባብ ኣመሃህራ ንዝተኣታተወ ለውጥታትን ንዝተኻየደ ስልጠናታትን ንምጽብራቕ ዝተወደበ’ዩ።



ስእሊ. ሮቤል መረሰዕ

# ፎርቶ ሳዋ - ንስንኩላንን ጽጉማት ስድራቤታትን ዓይነታዊ ሓገዝ ተገይሩ



ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ፡ ንስንኩላን ኲናትን ጽጉማት ስድራቤታትን ዓይነታዊ ሓገዝ ዓዲሉ።

ተጸዋዒ ናይ’ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ እድሪስ መሓመድ-ሳልሕ ብዝሃቦ ሓበሬታ መሰረት፡ ን12 ስንኩላን ኲናትን 11 ብምምሕዳር ዝተለለዩ ጽጉማት ስድራቤታትን ናይ ካሮ ሓገዝ ተገይሩ።

ኣቶ እድሪስ ኣስዒቡ፡ በቢእዋኑ ዝግበር ሓገዛት ኣብ መነባብሮ ተጠቀምቲ ስድራቤታት ኣስተዋጽኦ ከምዝለዎ ብምጥቃስ፡ እቶም ወገናት ንዝረኸብዎ ዕድል ብግቡእ ተጠቒሞም መነባብሮኦም ከመሓይሹን ኣብ ከባቢኦም እወታዊ ጽልዋ ክፈጥሩን ኣተሓሳሲቡ።

# ዞባ ጋሽ-ባርካ - ኣባላት ፖሊስ ታሪኻዊ ቦታታት በጺሖም

ኣባላት ፖሊስ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ብ4 ሚያዝያ ኣብ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ ዝርከብ ታሪኻዊ ቦታታት ኣብ ዝበጽሓሉ፡ ብኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ዝሰላሰል ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ተዓዚቦም።

እቶም ኣብ ምክልኻል ገበናትን ሓደጋታት ትራፊክን ተዋፊሮም ሰላምን ጸጥታን ከባቢኦም ንምውሓስ ዝሰርሑ ኣባላት ኣብ ዑደቶም፡ ብሱብ ውዕሎ መግለጺ ተዋሂብዎም።

ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ጋሽ-ባርካ ሌተናል ኮሎኔል ሃይለሚካኤል ተስፋጋብር ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ዑደት ኣካል ናይ’ቲ ሰራሕተኛታት ትካላት ብዛዕባ ታሪኽን ጀጋኑትን ከባቢኦም እኹል ግንዛበ ክህልዎም፡ ከምኡ’ውን ብወህደት ህዝብን ሰራዊትን ዝዕመም ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ብኣካል ንምዕዛብ ዝውደብ መደባት ከምዝኾነ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ ዑደት - ታሪኽን ታሪኻዊ ቦታታትን ንኽፈልጡ ከምዝሓገዞም ብምሕባር፡ ተመሳሳሊ መደባት ክድፋኣሉ ኣተሓሳሲቦም።

ብኻልእ ወገኑ “ብሉጽ ተመሃራይ ውጽኢት ብቑዕ መምህርን ወለድን” ብዝብል ቴማ፡ ካብ 4 ክሳብ 6 ሚያዝያ ኣብ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ባህላውን ስፖርታውን ቅነ ኣብያተ-ትምህርቲ ተኻዪዱ።

ኣብ’ቲ ኣስታት 600 ተመሃሮን 120 መምህራንን ዝተሳተፍዎ ቅነ፡ ስፖርታውን ባህላውን ውድድራት፡ ቁሸት ትምህርቲ፡ ምህዞን ስነፃን፡ ከምኡ’ውን ቅብኣን መደረን ዘጠቓልል መሰናድኣታት ከምዝቐረበ፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ናይ’ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ዳዊት ካሳ ሓቢሩ።

እቲ ቅነ ተመሃሮ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቶም ዝቐሰምዎ ክልሰ-ሓሳባዊ ፍልጠትን ዝደለብዎ ዓቕምን ዝተንጸባረቐሉ መድረኽ ምንባሩ’ውን ገሊጹ።



## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳጶ. 1284

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ሓፈሻዊ ፍልጠት ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:25 | ተክ-ኢንሳይት |
| 15:00 | ዶክመንት |
| 15:35 | ፓኖራማ |
| 16:05 | ናትራን (1ይ ክፋል) |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ጽባቐ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:40 | ናትራን (2ይ ክፋል) |
| 19:10 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዕላል ምስ ደራሲን ዳይርክተርን ፊልም ዕርፈ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ጽባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት ሲት-ኮም |

# ቁጠባን ዋኒንን

ተስፋት ሓጉስ

## ስነ-ቁጠባ እንታይ እዩ?

ስነ-ቁጠባ ሓደ ካብ ዓውድታት ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት'ዩ። ከም ዓውዲ-ፍልጠት ብኸመይ ይግለጽ ወይ እዚ ዓውዲ እንታይ እዩ ንዝብል ሕቶ ዝወሃብ መግለጺ ግን ሓደ ኣይኮነን። እቲ ፍልልይ፡ መብዛሕትና ከም እንግምቶ ምስዚ ዓውዲ ጥቡቕ ዝምድና ካብ ምህላውን ዘይምህላውን ጥራይ ኣይነቅልን። እንታይ ደኣ፡ ኣብ መንጎ ፈላጣት ናይቲ ዓውዲ 'ውን ዝርአ'ዩ።

ምስ ዓውዲ ስነ-ቁጠባ ጥቡቕ ዝምድና ዘይብሉ ሰብ፡ ስነ-ቁጠባ እንታይ እዩ ተባሂሉ ምስ ዝሕተት፡ ብዛዕባ ቁጠባ ዝጽንዕ ዓውዲ ክኸውን ኣለዎ ዝብል መልሲ'ዩ ዝህብ። ምኽንያቱ ስነ-ቀመም ብዛዕባ ቀመማት የጽንዕ፣ ስነ-ህይወት ብዛዕባ ህይወታውያን ነገራት የጽንዕ፣ ከምኡ'ውን ስነ-ሕብረተሰብ ብዛዕባ ሕብረተሰብ የጽንዕ። ስነ-ቁጠባ ድማ ብዛዕባ ቁጠባ ዘጽንዕ ዓውዲ ክኸውን ኣለዎ ይብል። እዚ ተራ ምስትውዓል ዘድልዮ መልሲ'ዩ።

ግኑናት ኣብ ዝኾና ገለ መጽሓፍቲ ንኣብነት 'ፍሪኮኖሚክስ'፡ 'ዘ ሎጂክ ኦፍ ላይፍ' ከምኡ'ውን 'ዘ ኢኮኖሚክ ናቹራሊስት' ዝቐርብ መግለጺ ስነ-ቁጠባ ግን ኣቓዲሙ ካብ ዝተጠቕሰ ፍልይ ዝበለ'ዩ። ስነ-ቁጠባ ኪኖ 'ዚ ዝተጠቕሰን ኣዝዩ ዝበረኸን ዓውዲ'ዩ ኢለን ይገልጽኦ። ብኣመለኻኽታአን፡ ስነ-ቁጠባ ብዛዕባ ዝበረኸ ወይ ዝዓበየ ሕቶ ከም ናይ ህይወት/ሓቂ፡ ኣድማስን ኩሉ-ነገርን ዘጽንዕ ዓውዲ'ዩ። ኣብ መብዛሕትኡ መምሃሪ መጽሓፍቲ ስነ-ቁጠባ ዝቐርብ መግለጺ ድማ ብሊዮነል ሮቢንስ ኣብ 1932 ዓ.ም. ዝተዋህበ'ዩ። በዚ መሰረት፡ ስነ-ቁጠባ "ንባህሪ ሰብ፡ ምስ ውጽኢትን ንዝተፈላለየ መዓላ ተኽእሎ ምስ ዘለዎ ድሩት ጸጋታትን ብምዝማድ ዘጽንዕ ስነፍልጠት'ዩ" ተባሂሉ ይግለጽ። እዚ ኣመለኻኽታ፡ ንስነ-ቁጠባ ብርእሰ-ነገሩ ዘይኮነስ ብስነ-ኣገባቡ እዩ ዝገልጾ። እዚ ከኣ እቲ ስነ-ኣገባብ ቁጠባዊ ክሳብ ዝኾነ ርእሰ-ነገር ናይቲ መጽናዕቲ ወይ ትንተና ዝኾነ ጉዳይ ማለት መርዓ፡ ቈልዑ ምውላድ፡ ገበን/ብልሽውና ወይ ወልፊ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ብተወሳኺ፡ ንስነ-ቁጠባ ብስነ-ኣገባቡ ጥራይ ከም ዝግለጽ ምግባሩ ስነ-ቁጠባዊ ዕዮ ዝካየደሉ ሓደ ቅኑዕ ኣገባብ (ሓድሽ-ክላሲካውነት) ጥራይ ምህላው ዘምስል'ዩ። እንተኾነ ኣብ ስነ-ቁጠባ ብውሑዱ ትሽዓተ ዓበይቲ ቍጠባዊ ኣመለኻኽታታት ኣሎ። ንምጥቃስ ዝኣክል ክላሲካዊ፡ ሓድሽ-ክላሲካዊ፡ ማርክሳዊ፡ ካይነዝያዊ፡ ሹምፐተራዊ፡ ኣውስትርያዊ፡ ትካላዊ (ናይ ቅድምን ሓድሽን)፡ ባህርያውን ልምዓታውን እዩ። ስለዚ፡ ስነ-ቁጠባ ብስነ-ኣገባቡ ዘይኮነስ ብርእሰ-ነገሩ ማለት ብዛዕባ ቍጠባ ዘጽንዕ ዓውዲ ምኻኑ ምንጻር ኣገዳሲ'ዩ። እንተኾነ ቁጠባ እንታይ ማለት እዩ?

*ቁጠባ ብዛዕባ ገንዘብ እዩ - ወይ ከምኡ ድዩ?*



ንዝበዝሐ ኣንባቢ ምጽኢ ዝብሎ መልሲ፡ ቁጠባ ምስ ገንዘብ ዝዛመድ ዝኾነ ነገር'ዩ ዝብል'ዩ። እዚ ከኣ ብዛዕባ ገንዘብ ዘይምህላው፡ ኣመኣራርራኡ፡ ኣወጻጽኣኡ፡ ምስኣኑ፡ ምውህላሉ፡ ምልቃሑን ምምላሱን ዝብል'ዩ። እዚ ፍጹም ሓቂ'ኳ እንተዘይኮነ ብዛዕባ ቁጠባ ከምኡ'ውን ስነ-ቁጠባ ኣብ ምሕሳብ ግን ጽቡቕ መበገሲ ነጥቢ'ዩ።

ሕጂ፡ ቁጠባ ብዛዕባ ገንዘብ'ዩ ኢልና ክንዛረብ እንከለና ብዛዕባ ነገራዊ ገንዘብ (ፊዚካል ማኒ) ኣይኮንናን ንዛረብ ዘለና። ነገራዊ ገንዘብ (ናይ ባንክ ኖታ፡ ወርቂ ሳንቲም ወይ ብገዚፉ ይኹን እቲ ኣብ ደሴታት ሰላማዊ ውቅያኖስ ከም ገንዘብ ዘገልግል ዝነበረ ዘይንቀሳቐስ ኣእማን) መወከሊ ጥራይ እዩ። ገንዘብ፡ ኣካል ሕብረተሰብካ ዝኾኑ ሰባት ክንደይ ከም ዝእውዱኻ ወይ ንስኻ ካብ ናይቲ ሕብረተሰብ ጸጋ እጀታይ ትብሎ ክንደይ ምኳኑ መወከሊ'ዩ።

ገንዘብ ይኹን ካልእ ፋይናንሳዊ እጀታት ከም ናይ ኩባንያ ብርክን ካልእ ዝተሓላለኸ ፋይናንሳዊ ፍርያትን ብኸመይ ይፍጠር፡ ይሸየጥን ይግዛእን ሓደ ካብ መዳያት ስነ-ቁጠባ ኮይኑ ፋይናንሳዊ ስነ-ቁጠባ ይበሃል። ኣብዚ እዋን፡ ኣብ ዝበዝሓ ሃገራት ብሰሪ ዘሎ ዓብላልነት ፋይናንሳዊ ኢንዱስትሪ ዝበዝሐ ሰብ ንፋይናንሳዊ ስነ-ቁጠባ ማዕረ ስነ-ቁጠባ እዩ ዝቖጽሮ፣ ብግደ ሓቂ ግና ፋይናንሳዊ ስነ-ቁጠባ ንእሽቶ ክፋል ናይ ስነ-ቁጠባ'ዩ።

ገንዘብካ ወይ ኣብ ካልእ ጸጋ ዘለካ እጀታ ብዝተፈላለየ መገዲ ዝተፈጥረ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ዝበዝሐ ካብ ስነ-ቁጠባ ድማ ብዛዕባ እዚ'ዩ - ወይ ብዛዕባ እዚ ክኸውን ኣለዎ።

*ገንዘብ ዝርከበሉ ኣዝዩ ልሙድ መገዲ ዕዮ ብምዕያይ እዩ*

ገንዘብ ዝምእረረሉ ኣዝዩ ልሙድ ኣገባብ (ምስኡ ዝተፈጠርካ እንተዘይኮይንካ) ተቖጺርካ ዝዕየ ዕዮ ብምዕያይ (ዋላ'ውን ሓለቓ ገዛእ-ርእስኻ ብምኳን) ብዝርከብ ሞሳ ወይ ደሞዝ እዩ። ስለዚ፡ ብዙሕ ካብ ስነ-ቁጠባ ብዛዕባ ዕዮ እዩ። ንዕዮ ብዝተፈላለየ መዳይ ክንምልከቶ ንኽእል ኢና።

ንዕዮ ብናይ ውልቀ-ሰራሕተኛ ኣመለኻኽታ ምርድኡ ይከኣል'ዩ። ዕዮ ክህልወካን መጠን ትኽፈሎ ደሞዝን ኣብቲ ትውንኖ ክእለትን ንዕኡ ዘሎ ጠለብን እዩ ዝምርኮስ። ክእለትካ ኣዝዩ ፍሉይ ምስ ዝኸውን፡ ንኣብነት ከም ናይ ክርስትያኖ ሮናልዶ፡ መጠን ትኽፈሎ ደሞዝ ኣዝዩ ላዕሊ ክኸውን ይኽእል። ሓደ ሰብ፡ ነቲ ንስኻ ተፍርዮ ብ100 ዕጽፊ ተፍሪ ማሽን ስለዝማሃዘ ስራሕ-ኣልቦ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ካብ ቻይና ብዝመጽእ ሕሱር እታው ኩባንያኻ ብምኽሳራ ምንካይ ደሞዝ ወይ ዝኸፍአ ኩነታት ስራሕ ክትቕበል ትግደድ ኢኻ። ስለዚ ንዕዮ ብደረጃ ውልቀ-ሰብ'ውን እንተኾነ ንምርድኡ ብዛዕባ ክእለት፡ ተክኖሎጅያዊ ምምሕያሽን ዓለማዊ ንግድን ክንፈልጥ የድልየና።

ደሞዝን ኩነታትን ዕዮን'ውን ንደረትን ባህርያትን ናይ ሸቕለት ዕዳጋ ንምልዋጥ ብዝውሰድ 'ፖለቲካዊ' ውሳነታት ኣዝዩ ተጸላዊ'ዩ - ፖለቲካዊ ዝብል ቃል ኣብ ምልክት ጥቕሲ ዝኣተወሉ ምኽንያት ኣብ መንጎ ስነ-ቁጠባን ፖለቲካን ዘሎ ደረት ንጹር ብዘይምኳኑ'ዩ። ምጽንባር ሃገራት ምብራቕ ኤውሮጳ ናብ ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ኣብ ዕዳጋታት ሸቕለት ምዕራብ ኤውሮጳ ምንጪ ዓያዩ ጉልበት ብሃንደበት ከም ዝሰፍሕ ብምግባር ኣብ ደሞዝን ባህርያትን ሰራሕተኛታት ምዕራብ ኤውሮጳ ዓቢ ጽልዋ ፈጢሩ'ዩ። ብኣንጻር'ዚ ኣብ መወዳእታ 19 ዘመን ከምኡ'ውን መጀመርታ 20 ዘመን ኣብ ሸቕለት ቈልዑ ዝተገብረ ገደብ፡ ኣብ ሸቕለት ክሳተፍ ዝኽእል ዝነበረ ልዑል መጠን ዝነበሮ ዓቕሚ ሃንደበት ብምእላይ ንኽሊ ዕዳጋታት ሸቕለት ዝጨበጠ'ዩ። ቍጽጽር ኣብ ሰዓታት ስራሕ፡ ኩነታት ስራሕ ከምኡ'ውን መጠን ዝተሓተ ደሞዝ ምድራት ገለ ኣብነታት ናይቲ ብዙሕ ዘየደንቕ 'ፖለቲካዊ፡ ዝበሃል ንዕዮና ዝጸሉ ውሳነ'ዩ'።

ምንጪ፤ Economics: The User's Guide - ብ Ha-Joon Chang

## ካብ መዓቀኒ ቁጠባዊ ፍርያት

ኣብዛ ዓለምና ንዘለዋ ሃገራት ዝወሃበን ዝተፈላለየ ዓይነት ምደባ ወይ ድረጃ ኣሎ። እቲ መመደቢ ረቛሒ ፖለቲካዊ፡ ባህላዊ፡ ጂኦግራፍያዊ ወይ'ውን ቁጠባዊ ክኸውን ይኽእል። እቲ ብመንጽር ቁጠባዊ መዳይ ዝወሃብ ድረጃ ንሃብቲ፡ ቁጠባዊ ዕብየት፡ ኢንዱስትርያዊ ወይ ተክኖሎጅያዊ ዓቕሚን ተወሰኽቲ ረቛሕትን ኣብ ግምት ብምእታው'ዩ ዝግበር። በዚ መሰረት ዝወሃበን ሰያመ ድማ ሃብታማትን ድኻታትን፣ ምዕቡላት፡ ኣብ ምምዕባል ዝርከባን ዘይማዕበላን፣ ዝበልጸጋን ኣብ ምብልጻግ ዘለዋን፣ ኢንዱስትርያውያን ዘይ-ኢንዱስትርያውያን ወዘተ. ዝብል'ዩ። ንቑጠባዊ ግዝፈ መሰረት ገይሩ ንዝወሃብ ሰያመ ዘገልግሉ መዓቀኒታት ከኣ ይስዕቡ።

**ጃምላ ዘቤታዊ ፍርያት** (GDP)

ጃምላ ዘቤታዊ ፍርያት ናይ ሓደ ሃገር ቁጠባ ፍርያት ዝዕቀነሉ መመልከቲ'ዩ። እዚ ብስነ-ቁጠበኛታት ተመራጽን ኣዝዩ ግኑንን ዝኾነ ገምጋማዊ መዓቀኒ፡ ኣብ ሓንቲ ሃገር ኣብ ዝተወሰነ መቓን ግዜ ዝፈረየ ኵሉ ብገንዘባዊ መጠን ዘመልክት'ዩ። እቲ መቓን ግዜ መብዛሕትኡ እዋን ዓመት እኳ እንተኾነ መንፈቕ ወይ ወርሒ'ውን ክኸውን ይኽእል'ዩ።

ጃምላ ዘቤታዊ ፍርያት ናይ 'ፍርያት' መዓቀኒ ከም ምኳኑ መጠን እቲ 'ፈርዩ' ዝበሃል እንታይ ምኳኑ መግለጺ ክግበረሉ ኣድላዩ እዩ። ጃምላ ዘቤታዊ ፍርያት ክቕመር እንከሎ ፍርያት ወይ ፍረ በቲ ዝተወሰኸ ክብሪ እዩ ዝዕቀን። ዝተወሰኸ ክብሪ፡ ኣብ መንጎ ውዱእ ፍርያት ናይ ኣፍራዪን ነቲ ፍርያት ንምድላው ኣብ ጥቕሚ ዘውዓሎ እታውን ዘሎ ፍልልይ ናይ ዋጋ'ዩ። ዓመታዊ መሸጣ ናይ ሓንቲ ቤት ዕዮ ሕብስቲ ናቕፋ 150 ሽሕ እዩ ንበል። ነቲ ዝተሸጠ ሕብስቲ ንምድላው ድማ ጥረ-ነገራት (ፊኖ፡ መባኹዕቲ፡ ዘይቲ፡ ማይ)፡ ነዳዲ፡ ኤለክትሪክን ዝኣመሰለን እታው ንምግዛእ ናቕፋ 105 ሽሕ ወጻኢ ገይራ። በዛ ትካል ዝተወሰኸ ክብሪ ክቕመር እንከሎ ድማ ናቕፋ 45 ሽሕ ጥራይ እዩ። ብሓፈሻ፡ ሓደ ሲሶ ካብ ሽያጥ ናይ ትካል፡ በታ ትካል ከም ዝተወሰኸ ክብሪ ምውሳዱ ዘውቱር ልምዲ'ዩ።

ውዱእ ፍርያት ንምድላው ኣብ ጥቕሚ ናይ ዝወዓለ እታው ክብሪ ከይተነከየ፡ ዋጋ ውዱእ ፍርያት ናይ ነፍሲወከፍ ኣፍራዪ ምስ ዝድመር ገለ እታው ክልተ-ሳዕ፡ ሰለስተ-ሳዕን ልዕሊኡን ከም ዝድመር ይኸውን። ንኣብነት፡ እታ ቤት ዕዮ ሕብስቲ ነቲ ፊኖ ካብ ፋብሪካ ምድላው መግቢ ዓዲጋቶ ንበል። ስለዚ፡ ዋጋ ውዱእ ፍርያት ናይታ ቤት ዕዮ ሕብስትን ናይታ ፋብሪካ ምድላው መግብን ከም ዘለዎ እንተተደሚሩ፡ በታ ቤት ዕዮ ዝተዓደገ ፊኖ ዋጋኡ ክልተ-ሳዕ ተደሚሩ ማለት'ዩ። እታ ፋብሪካ'ውን ነቲ ስርናይ ካብ ሓደ ሓረስታይ ዓዲጋቶ ንበል። ውዱእ ፍርያት ናይቲ ሓረስታይ ኣብ ርእሲ ውዱእ ፍርያት ናይታ ቤት ዕዮን ናይታ ፋብሪካን ብቐጥታ ምስ ዝድመር፡ እቲ ሓረስታይ ነታ ፋብሪካ ዝሸጠላ ስዒቡ ድማ ናብታ ቤት ዕዮ ዝተሸጠ መጠን እኽሊ ሰለስተ-ሳዕ ተደሚሩ ማለት'ዩ። እዚ ኣገባብ ግን ትኽክለኛ መጠን ናይቲ ፍርያት ዘመልክት ኣይኮነን። ትኽክለኛ መጠን ናይ ፍርያት ዝዕቀን ን'ዝተወሰኸ' ክብሪ ብምድማር ጥራይ እዩ።

እታ 'ጃምላ' ትብል ቃል ናይ ዘቤታዊ ፍርያት ከ እንታይ ማለት'ያ? ጃምላ ትብል ቃል፡ ካብቲ ዝተገልጸ መጠን ክእለ ዝግብኦ ግና ዘይተኣልየ ገለ ነገር ኣሎ ማለት'ያ - ልክዕ ከምቲ ኣብ ናይ ቱና ታኒካ ሓፈሻውን ጽሩይን ክብደት ተባሂሉ ዝምልከት። እቲ 'ገለ ነገር' ናይ ጃምላ ዘቤታዊ ፍርያት ድማ እቲ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ክፋል ናይቲ መፈብረኺ ኣቕሓ ብቐንዱ ከኣ ማሽናት ማለት'ዩ። ንኣብነት እታ ቤት ዕዮ ሕብስቲ ዝተጠቕመትሉ ፎርኖ፡ መልወሲት፡ ናይ ሕብስቲ መውጽኢ ቅርጺ ወዘተ. ምጥቃስ ይከኣል። መፈብረኺ ኣቑሑ ወይ ማሽናት ከምቲ ሕብስቲ ዝተሰርሓሉ ፊኖ ሃለኽትን ኣብቲ ፍርያት ዝጠቓለሉን ኣይኮኑን። እንተኾነ ብመንጽር 'ቲ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓልሉ ግዜ ቍጠባዊ ዋጋኦም ይንኪ'ዩ። እዚ ከኣ ምንካይ ፋይዳ (depreciation) ይበሃል። ስለዚ ምንካይ ፋይዳ ናይ ማሽናት ካብ መጠን ጃምላ ዘቤታዊ ፍርያት ብምእላይ ጽሩይ ዘቤታዊ ፍርያት (NDP) ምዕቃን ይከኣል።

# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ሰረቐ ክፍለ
መበል 47 ክፋል

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ 'ደሞክራሲ እንታይ እዩ?' ማሕበራዊ ምሕደራን ሓደሽ ማሕበራዊ ምሕደራን በርኽራሰን ዝበል ኣምራት ምዕራባዊ ዓለም ትሕዝዩ ብዝርዝር ተመልኪትና። ኤርትራ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ንማሕበራዊ ፍትሕን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ዓቢ ግምት ዝሀብ ምሕደራ ዓደ ኣዮ ከምዝሰራ ጠቒሽና ድማ፡ ከም ኣብኡ ካብ ዝተፈላለየ ሕግታት እንዳብ ገለ ዓንቀጻትን ንኡሳን ዓንቀጻትን ኣቕሪብና ነይርና። መቐጸልታኡ ደስዕቡ–*

**ንጥፈታት መንግስቲን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን**

ኣብ ናይ ሎሚ ጽሑፍና፡ ንጥፈታት (ዕማማት) መንግስቲ ብልክዕ እንታይ እዩ? መንግስቲ ንህዝቢ ዝሆቦ ማሕበራዊ ኣገልግሎት እንታይ እዩ? ሓደ መንግስቲ ንጥፈታቱ ይኹን ንህዝቢ ዝሆቦ ኣገልግሎት ብኸመይ የተግብሮ ዝብሉ ሕቶታት ክንደህስስ ክንፍትን ኢና።

ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ጽሑፍና፡ ሮሽን ፕሮፌሶርሽኑ ንጥፈት መንግስታትን ንህዝቢ ዝህብኦ ኣገልግሎታትን ብደረጃ ምዕባለ ሃገራት ከምዝወሰን ምግላጾም፡ ጠቒስና ነይርና። እዚ መረዳእታ'ዚ ከይተዘንገዐ፡ ናይ ሕቡራት ሃገራት "ምደባ ንጥፈታት መንግስቲ" እንታይ ከምዝብል ብሓጺሩ ክንደህሶ። እዚ ናይ "ሕቡራት መንግስታት ምደባ ንጥፈታት መንግስቲ" ዝበሃል ሰድ ፊሎማ ብOECD ዝተዳለወ እዩ።

ናይ ሕቡራት ሃገራት ምደባ ንጥፈታት መንግስቲ (The United Nations Classification of Functions of Government (COFOG)) 10 ቀንዲ ንጥፈታት: ነፍሲ ወከፍ ንጥፈት ከኣ 5 ክሳብ 10 ዝበጽሕ ካልኣዊ ንጥፈታት ዘጠቓልል እዩ፡




1) **ሓፈሻዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት**

1.1. ፈጻምን ሓጋግን ኣካላት፡ ፋይናንሳዊን ገዝባውን ጉዳያት፡ ዝምድና ወጻኢ 1.2. ናይ ወጻኢ ቁጠባዊ ሓገዝ 1.3. ሓፈሻዊ ኣገልግሎት 1.4. መሰረታዊ ምርመራ 1.5. ምርመራን ልምዓትን (R&D) ሓፈሻዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት 1.6. ምምሕዳር ማሕበራዊ ልቓሕ 1.7. ምምቕራሕ ዝተፈላለዩ ካብራት ኣብ ዝተፈላለዩ ጽፍሕታት መንግስቲ።

2) **ምክልኻል**

2.1. ወተሃደራዊ ምክልኻል 2.2. በርጌሳዊ ምክልኻል 2.3. ናይ ወጻኢ ወተሃደራዊ ረድኤት 2.4. ምርምርን ልምዓትን ምክልኻል 2.5. ካልእ ምክልኻላዊ ጉዳያት።

3) **ማሕበራዊ ስርዓትን ድሕነትን**

3.1. ኣገልግሎት ፖሊስ 3.2. ሓለዋ ባርዕ ሓዊ 3.3. ቤት ፍርዲ 3.4. መኣረሚ ወይ ቤት ማእሰርቲ 3.5 ምርምርን ልምዓትን ማሕበራዊ ጸጥታን ድሕነትን 3.6. ካልእ ቁጠባዊ ጉዳያት።

4) **ቁጠባዊ ጉዳያት**

4.1 ሓፈሻዊ ቁጠባውን ንግዳውን ዝምድናታት ዕዮን 4.2. ሕርሻ፡ ሰብ-ኣግራብ፡ ሃብቲ ዓሳ፡ ሃድን 4.3. ነዳድን ጸዓትን 4.4. ዕደና፡ ምስናዕ፡ ህንጻ 4.5. መጓዓዝያ 4.6. መራኸብታት 4.7. ካልእ ኢንዱስትሪታት 4.8. ምርመርን ልምዓትን ቁጠባዊ ጉዳያት 4.9. ካልእ ቁጠባዊ ጉዳያት።

5) **ድሕነት ከባቢ**

5.1. ምሕደራ ጎሓፍ 5.2. ምሕደራ ረሳሕ ማይ 5.3. ብከላ ምጉዳል/ ምውጋድ 5.4. ድሕነት ብዙሕነት-ህይወትን biodiversity ቅርጺ መሬትን 5.5. ምርምርን ልምዓትን ድሕነት ከባቢ 5.6. ካልእ ድሕነት ከባቢ ጉዳያት።

6) **ኣባይቲን ኮማዊ/ህዝባዊ ምቹእነትን**

6.1. ህንጻ ገዛውቲ 6.2. ኮማዊ ምዕባለ ወይ ዕብየት 6.3. ቀረብ ማይ 6.4. ምብራህ ጎደናታት 6.5. ምርመርን ልምዓትን ጉዳያት ኣባይቲን ኮማዊ ምቹእነትን 6.6. ካልእ ጉዳያት ኣባይቲን ኮማዊ ምችኡነትን።

7) **ሓለዋ ጥዕና**

7.1. ቀረብ መድሃኒት፡ ናውትን መሳርሕን ጥዕና 7.2. ኣገልግሎት ተመላላስቲ ሕሙማት 7.3. ኣገልግሎት ሆስፒታል 7.4. ማሕበራዊ ኣገልግሎት ጥዕና 7.5 ምርመርን ልምዓትን ሓለዋ ጥዕና 7.6. ካልእ ንሓለዋ ጥዕና ዝምልከቱ ጉዳያት።

8) **ምዝንጋዕ፡ ባህልን፡ ሃይማኖትን**

8.1. ኣገልግሎት ማዘናግዒን ስፖርትን 8.2. ባህላዊ ኣገልግሎት 8.3 ኣገልግሎት ፈነወ-መራኸቢ-ብዙሓንን ሕትመትን 8.4. ሃይማኖታውን ካልእ ኮማዊ ኣገልግሎትን 8.5. ምርምርን ልምዓትን ምዝንጋዕ፡ ባህልን ሃይማኖትን 8.6. ካልእ ንምዝንጋዕ፡ ባህልን ሃይማኖትን ዝምልከቱ ጉዳያት።

9) **ትምህርቲ**

9.1. መዋእል ህጻናትን ቀዳማይ ደረጃ ትምህርቲን 9.2. ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ 9.3. ድሕሪ ካልኣይ ደረጃን ዘይ-ሳልሳይ ደረጃን ትምህርቲ 9.3. ሳልሳይ ደረጃ ትምህርቲ 9.4. ብደረጃ ዘይግለጽ ትምህርቲ 9.5. ሓገዝ ኣገልግሎታት ንትምህርቲ 9.6. ምርምርን ልምዓትን ትምህርቲ 9.7. ካልእ ንትምህርቲ ዝምልከቱ ጉዳያት

10) **ማሕበራዊ ድሕነት**

10.1. ሕማምን ስንክልናን 10.2. እርጋን 10.3. ውጹእመዓት (Survivors) 10.4. ስድራቤትን ህጻናትን 10.5. ስራሕ ኣልቦነት 10.6. መጽለሊ ወይ መንበሪ 10.7. ማሕበራዊ ተገልሎ 10.8. ምርምርን ልምዓትን ማሕበራዊ ድሕነት 10.9. ካልእ ንማሕበራዊ ድሕነት ዝምልከት ጉዳያት።

ሕቡራት ሃገራት ንጥፈታት መንግስቲ ዝበሉ፡ ደረጃ ምዕባለ ሃገራት ኣብ ግምት ዘየእተ ብምዃኑ ከም ሓፈሻዊ መወከሲ ጥራይ ክረአ ኣለዎ። ብዙብረ'ውን ሃገራት እዚ ናይ ሕቡራት መንግስታት ምደባ ከም መወከሲ ወሲደን ምስ ኩነታተን ብዘሰማምዕ ኣገባብ ምምዕራያት ገይረን እየን ዝጥቀማሉ። ንኣብነት፡ "ኣብ ኩሉ ናይ ሽወደን መንግስታዊ ውዳበ ተዛማዲ ገምጋም መንግስታዊ ኣካላት ኣብ ምክያድ፡ ፍኹስ ዝበለ ምደባ እዩም ዝጥቀሙ። እዚ (ናይ ሕቡራት ሃገራት ምደባ) ድማ ኣብ ሰለስተ ዓይነት ፖሊሲ ይኸፍልዎ፡ (ምንጪ፡ Mapping organizational change in the state www.nsd.no) 1) ድሕነትን ማሕበራዊ ፖሊሲን 2) ቁጠባዊ ፖሊሲ 3) ካልእ።

መንግስቲ ብትኹልን ጋድምን ኣካላት ዝቖመ እዩ። መንግስታት እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኩሉ ንጥፈታት ብኸመይን በየናይ ክፋል መንግስቲን ይትግብርኦ ንምግንዛብ ክሕግዘና ዝርዝር ኣብነታት OECD ሃገራት (The Organisation for Economic Co-operation) ኣሰኒብና ክንደህስስ። ምንጪ መወከሲ OECD Government at a Glance 2015።

ንኡስ ምዕራፍ 4.3.1 ናይዚ ሰድ ኣገዳሲ ነጥቢ ጥራይ ዘይኮነ ንሓፈሻዊ ኣንባቢ ብዙሕ ዘየገድስ ዝመስል ክኸውን ይኽእል እዩ። ይኹን'ምበር መንግስቲ እንታይ እዩ? እንታይ እዩ ጥቕሙን ንጥፈታቱን ንምርዳእ ኣገዳሲ ሓጋዚ እዩ። ከመይሲ፡ መንግስቲን ንጥፈታቱን ብዝርዝር ዘይንፈልጥ እንተኾይንና፡ ወይ'ውን ምፍላጡ ኣገዳሲ ኣይኮነን ንብል እንተኾይንና በየናይ ተኣምር ኢና ዝያዳ ዝተሓላለኸ ካብራት - ግዝኣት ሕጊ፡ ደሞክራሲ፡ ሰብኣዊ መሰላት - ክንርድኦን ኣፍና መሊእና ክንዛረበሉን እንኽእል። እቲ ዕላማ ብምልኣት ክንፈልጦን ክንገልጾን ኣይኮነን። ኣንቢብና መንግስቲ ቀሊል ነገር ከም ዘይኮነ ንምግንዛብ ጥራይ እዩ። ከም ዝፍለጥ፡ ገለ የዋሃት ትርጉም መንግስቲ ኣቕሊሎም ብምርኣይ፡ ኣብ ዓበይቲ ሆቴላት ሳልስቲ መዳርግ ክትተክል ዝከኣል መሲሉዎም፡ ከጽምኑና ዝፍትኑ ኣለው።

ውድብ ቁጠባዊ ምትሕብባር ሕቡራት ሃገራት (OECD) "ምደባ ንጥፈታት መንግስቲ" ዘውጽኦሉ ሓደ ቀንዲ ምኽንያት፡ ዝተፈላለየ ሃገራት ዘካይድኦ ንጥፈታት መንግስቲ ብፍሉጥ ምደባ ኣዛሚድካ ንምምዛን እዩ። ተልእኾ ወይ ንጥፈታት መንግስቲ፡ ጸጋታት ሃገር፡ ማለት ቁጠባ፡ ሕጊ፡ ኣጉባብን እንተላይ ሰራዊት ተጠቒሙ፡ ድልየት ህዝቢ ዘንጸባርቕ ፖለቲካዊ ራእይ ንምትግባር ማለት እዩ።

እዚ ንጥፈታት'ዚ ኣብ ምትግባር ንትኹል (Vertically) ብሃገር፡ ዞባ፡ ብንኡስ ዞባ፡ ብከተማ ወይ ከባቢ ዓዲ ዝተደኮ፡ ብማእከላይ መንግስቲ፡ ብምምሕዳር ዞባ፡ ብምምሕዳር ንኡስ ዞባ፡ ብመካበርቲ ከባቢ ወዘተ. ዝግለጹ መዋቕራት ይሀልው። ከምኡ'ውን ንጋድም (Horizontally) ዝዝርጋሕ ሚኒስትሪታት፡ ዲቪዥናት፡ ክፍልታት፡ ብዓል መዚታት፡ ኮሚሽናት፡ ማሕበራዊ ንግዳዊ ትካላት ወዘተ. ይሀልው።

መንግስቲ ዝሃንጾም ሚኒስትሪታትን ካልኦት ኣካላትን ናይ ሃገር ተዛማዲ ብልጫን ጸጋታትን ደረጃ ምዕባለ ሃገርን ኣብ ግምት ዘእቱ እዩ። ንኣብነት ባሕርን ዓበይቲ ቀላያትን ዘይብላ ሃገር ሚኒስትሪ ዓሳ ከምኡ'ውን ገና ኣብ ትሑት ደረጃ ምዕባለ እትርከብ ሃገር ብዓል መዚ ህዋ ወይ ጠፈር ምህናጽ ኣየድልያን እዩ። ቅርጽን ውዳበን መንግስቲ ጸኒሕና ብሰፊሑ ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍና ክንደህሶ ኢና። ኣብዚ እቲ ኣገዳሲ ነጥቢ መንግስታት ኣፍተን ሃገራዊ ራእይን ተልእኮን ከም ዘለወን ኣጺርካ ዘካይድኦ ንጥፈታትን ወጻኢቱን ምድህሳስ እዩ።

ብዙሕ ግዜ ሰባት ንጥፈታት መንግስቲ ይኹን ወጻኢቱ ብጦበእ ሰኣን ምርዳእ ኣቃሊሎም ስለ ዝርእይዎ፡ ንጥፈታት መንግስቲን ወጻኢቱን ብዝርዝር ምድህሳሱ ኣገዳሲ እዩ። "ካብ ሳዕሳዕ ተቖጸጸ" ከም ዝበሃል፡ ንጥፈታት መንግስቲን ወጻኢቱን ብጦበእ ንምርዳእ፡ ናይ ሃንደስቱ ማለት ምዕቡላት ዝበዝሓ ሃገራት ተመክሮታት ምድህሳስ ይምረጽ። ካልእሲ ይትረፍ፡ ብቕሉሉ ዳታን ጸብጻብን ስለ ዝርከብ፡ ምእንቲ'ዚ ድማ "ቁልሕታ ኣብ መንግስቲ 2015 - Government at a Glance 2015" ዝብል ጸብጻብ OECD 2015 ክንደህሰስ ኢና። ትሕዝቶ እዚ ጸብጻብ OECD ኣብ "ምደባ ንጥፈታት መንግስቲ" ዝምርኮስ ኮይኑ 12 ምድባት ዝሓዘ እዩ፡ ብሓጺሩ ከም ዘለዎ ብተርታ ከቕርቦ ኢና።


**ኣብቲ ጸብጻብ ቀሪበን ዘለዋ ሃገራት መብዝሕትአን ኣባላት OECD ኮይነን ውሑዳት ዘይኣባላት'ውን ይርከባኦ። ሓፈሻዊ ኩነታት ሃገራት ንምግላጽ ጸብጻብ 2015 OECD ከምዚ ዝስዕብ ይብል፦**

"ኣብ ኣባል ሃገራት ዘሎ ምታዊ ቁጠባዊ ዕብየት ጀሚሩ ኣሎ። ዳግመ ተሃድሶ (ቁጠባ) ይግስግስ ኣሎ። ፋይናንሳዊ ርግኣት ጸቡቕ ኣንፈት ይሓዝ'ምበር፡ ስራሕ ኣልቦነት ገና ላዕሊ ኮይኑ፡ ዕብየት ፍርያምነት ገና ትሑት እዩ ዘሎ። ኣብ ምምቕራሕ ኣታዊታትን ኣብ መኣብሮ ህዝቢ ኣገደስቲ ዝኾኑ ካልእ ካብራትን ዘሎ ዘይምዕሩይነት መመለሱ ይሰፍሕ ኣሎ። ኣብ መጻኢ ዓመታት ሓያልን ዝያዳ ኣሳታፍን ዕብየት ንምርግጋጽ መንግስታት እዚ ብድሆታት'ዚ ክገጥመኦ ኣለወን። ኣብ ማሕበራዊ ፖሊሲ ሕብረ-መኣዝናዊ መገዲ ወይ ኣገባብ ምኽታል ከድሊ እዩ።"

ሓፈሻዊ ትሰፋው ኩነታትን ዘሰክፍ ዘይምዕሩይ ምምቕራሕ ጸጋታትን ቅልጡፍ ስጉምቲ ክውሰዶ ድሕሪ ምእማት እቲ ጸብጻብ ቀጺሉ፡ "ካብን ኣሳታፍን ሕብረተሰብ ንምህናጽ መንግስታት ብዙሕ ናይ ፖሊሲ መሰኪና ኣለወን። ይኹን'ምበር፡ ግቡእ ትግበረን ቁጽጽርን ገምጋምን እንተ ዘየሎ፡ ጸቡቕ ዝተቐየሰ ፖሊሲ'ውን ትጽቢት ዝተገብረሉ ወጽኢት ከይሃበ ብውሑዳት ሰብ ረብሓ "ክምንዛዕ" ይኽእል እዩ።

ኣብ ጸብጻብ 2015 ቀሪቡ ዘሎ ሓበሬታታት መንግስታት ኣብ ጉዳይ ዕዮ፡ መስርሕ ምውጻእ ፖሊሲን ወጽኢት ፖሊሲን ክሳብ ክንደይ ኣሳተፍቲ ምኻኖም ዘርኢ እዩ። ኣብ ዝመጽእ ጽሑፍና ትሕዝቶ ናይቲ ጸብጻብ ብዝርዝር ክቕርቦ ኢና።

**ይቕጽል . . .**



ሽባብ
ሃማመተኤ

ማዕበል ንእስነት

# ሓቂ ሰሚዐ ወርቂ ረኺበ

ኣዱሊስ ተስፋይ

ሰንበት ንግሆ እዩ። ኣብ ኣፍደገ ክሽነና ኢና ተኣኪብና። ሰንበት ረፋድ ንፈትዋ መዓልቲ እያ። ኩላትና ተኣኪብና ንቑርስ፣ እዚን ምዚን ንብል፣ ሳሕቲ ከኣ ንካታዕ። ትማሊ ሰንበት ምስ ማማ ዝጀመርናዮ ተራ ዕላል ክዳንን ኣከዳድናን ናብ ክትዕ ወሲዱና። ብዙሕ ነጥቢታት ኣቕሪበ። ንማማ ክረትዓ ምስ ቀረብኩ፡ "ቅድም ስምዕያ፡" በለኒ ዳኒ ሓወይ። ዘርዩኒ፡ ሓሳባተይ ተዘራሪጉ።

"ኣዛርበኒ!" በልኩዎ ኵራ ሓዊሰ። ምእንቲ ዕድል ክህበኒ'ውን ቃላተይ ኣተረርኩዎ። "ሰባት ኣብ ብልዙብ ቃላት ንተረር ቃና እዮም ክብሪ ዝህቡዎ። ኣብ ንትሑት ንብርቱዕ ድምጺ ይሰምዑ። ኣብ ንእወታ ከኣ ንኣሉታ እዮም ቀልጢፎም መልሰ-ግብሪ ዝህብሉ፡" ዝብል ኣተሓሳስባ ኣብ ዘማዕብል ውሑድ ኣይገበርኩን።

"ክትዛረቢ ኢኺ። ግን ንኽትዛረቢ ቅድም ስማዒ!" ድምጹ ኣሕፊሱ መለሰለይ። ብቓላቱ ተገሪመ። ተዓዚመ'ውን። ኣተኩረ ዓይኒ ዓይኑ ጠመትኩዎ። ድሕሪ ሓጺር ስቕታ፡ ዘረባኡ ተመሊሱ ኣስሒቑኒ። "ክትዛረቢ ስምዒ!" ንዘረባኡ ደጊመ ክርትም በልኩ። ንሱ'ውን ደገመለይ።

"ግደፎ እሞ እዚ ፍልስፍና፣ ኣነ ቊምነገር እየ ዝዛረብ ዘለኹ፡" ኣፈይ ዓቢሰ ሰሓቐይ ኣቚሪጸ ብሓውሲ መግናሕቲ ጠመትኩዎ።

"ሰብ ክዛረብ እንተ ኮይኑ ቅድም ክሰምዕ ኣሎዎ። ዘየዋህልል ሰብ ኣይእክብን እዩ። ዘይኣከበ'ውን ሓድሽ ዝብሃል ሓሳባት ኣይህልዎን እዩ፡" ቀጸለ ዘረባ፡ ዳኒ ሓወይ። ብዘረባኡ ማማ'ውን ሰሓቐት። ሰብ ዝድግፎ እንተ ረኺቡ፡ ከየመዛዘነ ሓበን እዩ ዝስምዖ።



ዳኒ ሓወይ 'ክልተ ብሓደ' ዝብል ሜላ ህይወት እዩ ዝኽተል። ከም ባህርያዊ ሓቂ'ውን ይገልጾ። "ሰብ ክልተ እዝኒ ሓንቲ መልሓስ ዝተዓደለሉ ምኽንያት፡ ክልተ ሳዕ ሰሚዑ ሓንሳብ ንኽዛረብ። ክልተ እግሪ ዘውንን'ውን ብኽልተ እግሩ ደው ኢሉ ሓንቲ እግሪ ኣምሪሑ ንክኸይድ እዩ፡" ዝብል ኣብነታት የቕርብ።

"ንምንታይ ኢኻ ክዛረብ ዘይትሰምዓኒ?" ናብታ ዘረባ ከይኣተወ ክቕድሞ ፈተንኩ።

"ሰብ ዝፈልጦ ጥራይ እዩ ዝዛረብ። እንተ ደኣ ክዛረብ ኮይኑ ከኣ ነተን ዝፈልጠን እዩ ዝደግመን። ንዘይፈልጦ ክፈልጥ እንተ ኮይኑ ግን ክሰምዕ ክኽእል ኣሎዎ። ሰማዒ ሰብ፡ ብእዝኑ መሰታ ቀዳሞት እዩ ዝኸውን። ክዛረብ ጥራይ ዝደሊ ሰብ፡ 'እንታይ ሓድሽ ከይህሉዎ እዩ። ንቅሩብ ቊራቦኡ ነጊፉ ወዲኡወን እዩ' ዝበሃል። እንተ ተዛረበ'ውን ዕቱብ ሰማዒ ኣይረክብን። ልዕሊ እቲ ዘምጽኦ ቊምነገር፡ ዘረባኡ ይፈኵስ። ሰማዒ ይስእን። እንተ ረኸበ'ውን ከምቲ ክይፈተኻ ትብልዖ ምግቢ እዩ ዝቕበሎ። እቲ ዝኸፍኦ ከኣ ንወርቃዊ ግዜኡ ከም መሕለፍ ግዜ ይጽብጸበሉ፡" በለ ዳኒ ሓወይ። ዘረባ ከም ዘንውሐ እናተፈለጦ።

"ሕጂ ከኣ ምስላ ዲኻ ክተምጽእ?" ሓተትኩዎ ብትሪ። ዳኒ ሓወይ፡ ንዕላል ብምስላዊ ዛንታ እዩ ዘሰንዮ። ከም ዝበልኩዎ'ውን ዛንታ 'ሓቂ ሰሚዐ ወርቂ ረኺበ' ደገመልና።

"ኣብ ሓደ ዓዲ እዩ፡ ሓደ ብዙሕ ሃብትን ጸጋን ዘውንን ሸማግለ ሰብኣይ ነበረ። ብዝነበሮ ሃብቲ ልዑል ክብርን ዝናን ረኺበ። ኣብ ዓዱ'ውን ፍሉይ ቦታ ተዋህቦ። ኣብ ዝኾነ ውራይን ኣጋጣምን ቅድሚኡ ዝዛረብ ሰብ ኣይነበረን። እቲ ሰብኣይ፡ ኣብ ኣመና ምድግጋም ዘረባ ኵሉ እቲ ዝፈልጦ ልቦናኡ ዘወድአ ኮይኑ ተሰምዖ። ጸገሙ ክፈልጥ ምስ ገዛእ ርእሱ መኺሩ፡ ምኽንያት ናይቲ ዘይውስኽን ምስ እርጋን ዝደኪ ዝነበረ ፍልጠቱን ዳህሰሰ።

'ድሕሪ ደጊም ሰማዓይ እምበር ተዛራባይ ክኸውን የብለይን፡' ዝብል መርገጺ ወሰደ። ነዊሕ ከይጸንሐ ኣብ ጥቓ ግራቱ፡ ምስሕሓብ መሬት ክልተ ሰባት ኣጋጠመ። ዓዲ ተኣከበ። ተሲኦም ኮፍ ዘብሉዎ ዝነበሩ ሃብታም ሰብኣይ ቅድሚ ኩላቶም ኣብ ጽላል ዓባይ ዳዕሮ ኮፍ ኢሉ ጸንሖም። ዓዲ ዓውዲ መልአ። ሃብታም ሰብኣይ ክዛረብ ተጸበዩዎ። ንሱ ግን ደቂ ዓዱ በቲ ጉዳይ ክዛረቡ፡ ነቲ ሽግር ክትንትኑ፡ መፍትሒታት ክምጽኡ ዓደሞም። ደቂ ዓዱ ብዘረባኡ ተደናገሩ። ቃላቱ ግር ስለ ዘበሎም ከኣ ንሓድሕዶም ተጠማመቱ።

'ወናኒ እዚ ኩሉ ሸሻይ፡ ብዓል እዚ ኩሉ ጸጋ ከሎ ንሕና ክንዛረብ፡ እዚ ዘይመስል ዘረባ እዩ። ገለ ድኣ ዝሓሰቦ ኣሎዎም እምበር ቅድሚኡ ክንዛረብ ኣየጥዕመልናን እዩ' ዝብል ሕቱኹቱኹ ኣብ ድሕሪት ተሰምዐ። እቲ ሃብታም'ውን ነቲ ትሒምትሒም ሰምዖ። ክዛረብ ጉሮሮኡ ጸረገ።

'ንሕናስ ከም ቀደምና ደኣ ንሰምዓካ እምበር ቅድሜኻስ ክንዛረበካ ኣይሕሰብን እዩ። ነውሪ እንድዩ፡' በሎ ኣብ ቅድሚኡ ኮፍ ዝበለ ዓርኪ ርእሱ።

'ድሓን ፍቓድ እዩ ኢለ እንድየ። ሎሚ ኣነ ክሰምዓኩም እምበር ክዛረበኩም ኣይመጻእኩን፡' ምስ በለ፡ ኩላቶም ኣዕዘምዘሙ። መቓልሕ ተቓውሞኦም ጉልሐ። እቲ ሰብኣይ ተደናገረ። 'እዞም ሰባት ክወስዱ እምበር ክህቡ ፍቓደኛታት ኣይኮኑን፡' ብዘስምዕ ቃና፡ 'ሎሚ ኣነ ክሰምዕ እየ ክብል ከለኹ ካባኹም ክፈልጥ እደሊ ኣለኹ ማለት እዩ። ድሓር ከኣ፡ ነዚ ጉዳይ ኣይፈለጥኩዎን። ንስኹም ቀዲምኩም እንተ ተዛሪብኩም ሽግርኩምን ጸገምኩምን ክፈልጠልኩም እየ። ሽግርኩምን ጸገምኩምን እንተ ዘይፈሊጠ፡ መፍትሒ ኣይህበኩምን እየ። ስለዚ፡ ሃየ ደኣ ተዛረቡ፡" በሎም። ብምቁር ቃላቱ ኣእመኖም። መዛኖኡን ሰብ ግርማን በቲ ዝተዋህቦም ዕድል ክብሪ እናተሰምዖም፡ 'እምበኣር ሰግር ግራትካ ቃዲራ ኣላ። ሰግር እታ ቃድራ ግን ሽያኽ ኣላ። ኣብታ ሽያኽ'ውን ማይ-ነትዒ ትርከብ እያ፡ ' ብምባል ኣብቲ ዓዲ ዝርከብ ኩሉ ዘርዚሮም ነገሩዎ። እቲ ሃብታም ሰብኣይ ዝረስዮን ዘይፈልጦን ሓቅታት ፈለጠ። ነቶም ብመሬት ዝተደፋፍኡ ካብ ናቱ ቦታ ሂቡ፡ ነተን ዘሸግራኦም ዝነበራ ጸገም ፈትሓሎም።

'ዓድና የቐንየለይ፡' በሎም። እቶም ዓዲ ተገረሙ።

'እንታይ ዘረባኡ እዩ። ክንዲ ዝሃበ ክንዲ ሸግርና ዝፈትሓልና ከመስግነና? እዚ ነገር ጥዕና ኣይኮነን፡ ' በሉዎ ብሓባር።

'ጥዑም ስለ ዘኾንካ ጥዑም ትዛረብ ኣለኻ እምበር፡ እቶም ከነመስግን ዝግባእና ንሕና ኢና። እኳ ደኣ ኣብ ቅድሜኻ ደው ኢልና ክንዛረብ ምብቃዕና ድፍረት'ዩ ነይሩ። የግዳስ ካብ ፈቓድካ ተዛሪብና። ጽን ኢልካ ስለ ዝሰማዕካና ምስጋና ንኣኻ እዩ ዝግባእ፡' በሎ ሓደ ካብ ብዓል ጉዳይ።

'ኣይፋሉን። ኣነ እንተ ዝዛረብ ንስኹም ከኣ ሰሚዕኩም ጥራይ እንተ ትኸዱ ኔርኩም፡ እዛ ዝነገርኩሙኒ ሓቂ ምሰማዕኩዋ ዶ? ኣይምሰማዕኩዋን። ቃዲሩ ዘሎ ግራተይ ፈሊጠዮ፣ ሽያኽ ተነጊሩኒ፣ ማይ-ነትዒ ከም ዘላ'ውን ኣፍሊጥኩሙኒ። ማይ ነትዒ፡ ማይ ወርቂ ክትፍልፍለይ እያ። ስለዚ፡ ኣነ ሓቂ ሰሚዐ ወርቂ ረኺበ ኣለኹ፡' በሎም፡" ይበሃል።

ዳኒ ሓወይ ነዛ ምስላ ዘምጽኣ ምስማዕ ወርቂ ምዝራብ ጨርቂ እዩ ንምባል ኣይነበረን። እንታይ ደኣ እንተ ደኣ ሰሚዕካ ምሳኻ ዘሎ ዝተሓብአ ወርቂ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ ንምባል ነበረ። በቲ ዛንታ ረቲዑኒ፣ ገዲፈዮም ናብ ቁጸራይ ኣምራሕኩ።

ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

## ንዓኻ ዘዳለኹዋ ህያብ

ሓደ እዋን፡ ሓደ ሓንቲ ዝጓሉ ሰብኣይ ነበረ። ንሱ ሓላፍነት ሰድራ ተሰኪሙ ድራር እለቱ ከማልእ ለይትን ቀትርን ገልጠምጠም እኳ እንተ በለ፡ ህይወት ግን ቀላል ኣይነበረትን። ኪንዮ ድራር እለት ዝኸይድ፡ ከም ድላዩ ዘጋይጸሉ እትዋወት ኣይነበሮን።

እታ ጓል ሰለስተ ዓመት ጓሉ፡ ነቲ ንመጠቕለሊ ተባሂሉ ዝመጽአ ወረቓቕት፡ ብብዝሒ ትጻወተሉ ኣላ ኢሉ ስለ ዝሓሰበ ኣምሪሩ ገሰጻ። እታ ቈልዓ ግን ነታ ኣብ ማእከል ምድሪቤቶም ተተኺላ ዝነበረት ጽሕዲ ልደት ንምምልኻዕ፡ ጥርሑ ባኮታት ብምምጻእ በቲ ወርቃዊ ዝሕብሩ ወረቓቕት እናጠቕለለት ትሰቅል ነበረት።

ቅነ ልደት ብምንባሩ፡ ኩሎም ቈልዑ ህያባት ካብ ሰድራኦምን ፈተውቶምን ዝረኽብሉ፡ ንፋዓት ወለዲ ከኣ ካብ ኣቦ ልደት ከም ዝመጽአ ኣምሲሎም ባህጊ ደቆም ዝመልእ ህያብ ዝቐርቡሎም ወቕቲ'ዩ ዝነበረ። እታ ምሸት፡ ሰድራቤታት ተኣኪበን ህያባት ልደት ዝኸፍታላ፡ ሓጐስን ድሙቕ ፍሽኽታን ዘሰንያ ፍስህቲ ምሸት እያ። እታ ቈልዓ ኣቦኣ ናብ ቤቱ ብሰላም ክምለስ ነዊሕ'ያ ተጸቢያ። ምስ መጽአ፤

"ባባ እዚኣ ንዓኻ ዘዳለኹዋ ህያብ እያ፡" ብምባል ሃበቶ። ንሱ ከኣ ነቲ ብቐትሩ ዝተቛየቛ ዘኪሩ ጣዕሳ እናተሰምዖ ሓቚፉ ብምስዓም ኣመስገና። ነቲ በቲ ወርቃዊ ወረቓቕት እተጠቕለለ ባኮ ቅድሚ ምኽፋቱ ሓንሳዕ ሓሰበ። እንታይ ዝበለ ህያብ ከም ዝሃበቶ ክግምት ፈተነ። ንሱ ንባዕሉ እንታይ ክህባ ከም ዝኽእል ምስ ሓሰበ ዝገደደ ሕማቕ ተሰምዖ። ጸኒሑ፡ ነታ ህያብ ቀስ ገይሩ ምስናይ ስክፉታኡ ክኸፍታ ጀመረ። ነቲ መጠቕለሊ ብቐስታ ድሕሪ ምእላይ፡ ነታ ባኮ ከፈታ። ኣብ ርእሱ ክሓስቦ ዘይክእል ክስተት ድማ ጸንሖ፣ ባኮ ጥርሓ ነበረት።



"ንሰብ ህያብ ክትህብ እንከለኺ፡ ኣብ ውሽጡ ገለ ከተቐምጥ ከም ዘሎካዶ ኣይትፈልጥን ኢኺ?" ክብል ብዝተሓዋወሰ ስምዒት ተዛረበ። ወዮ ቈልዓ ኣዒንታ ማይ መሊኡ ብዝተሓዋወሰ ስምዒት ገጽ ኣቦኣ ብምጥማት፡ "ኣንታ ባባ እዛ ጥርሓ ትመስለካ ዘላ ባኮ፡ ብ1000 ስዕሞይ ምልእ ኣቢለ'የ ዓሺገያ፡" ብምባል ብዝገደደ ልቡ ተንከፈቶ።

www.beststories.com

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ. ይ/በዚ. ኣቶ መሓመድ ኢማም ኣሕመድ፡ መ/ወሃብቲ 1. ከበረ መሓመድ ስዒድ 2. ኣማን ሙሳ መሓመድ ናይ ገዛዝብ ክሲ. ቀሪቡልኩም ስለዝኾነ፡ መ/ወዝቢ. ቁ.2. ኣማን ሙሳ መሓመድ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረብ።

ወ/ሮ ለተሃይማኖት ሚካኤል ስቡሓት፡ ሓፍትና ነ/ሄር ለተብርሃን ሚካኤል ስቡሓት ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 6ተ ህልዋት ኣሕዋተይን 2 መወትቲ ተተኳእቲ ደቆምን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/25 ኣብ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኣምለሶም ወልደጻዮን ገብረማርያም ምባል ተሪፉ፥ ኣሚጋ ወልደጻዮን ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/25 ቤ/ፍ ኣብ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ሳለም ተከኤ ተወልዱ፡ ኣደይ ለተሚካኤል ሃይለ ኣብርሃ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ህልዋት ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/25 ኣብ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ፎልየና መንግስ የውሃንስ ምባል ተሪፉ፥ ፊልያም መንግስ የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/4/25 ቤ/ፍ ኣብ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዲላበርዲድ

ጸጋ ኪዳን ሰባሁ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ደሳለ ሃይለ ሰባሁ፡ ስለዝዋረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 9 ደቅና ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ዓብዱ ዑመር መሓመድ ምባል ተሪፉ፥ ዓብደልቓደር ዑመር መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 28/4/50 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ሮማን ተወልደ መጻሾ ሓጎስ፡ ኣቦና ተወልደ መጻሾ ሓጎስ ስለዝዋረፈ፥ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ኣነ ምስ ሓደ ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ደርጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሮማን ተወልደ መጻሾ ሓጎስ፡ ኣዴና ግደይ ሃብተማርያም ተመልሶ ስለዝዋረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ኣነ ምስ ሓደ ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣነ ወ/ሮ ማዘንግዕ ተስፋማርያም ኣብርሃም ዝተበሃልኩ፥ ህያብ ወሃቢት ወረ/ኛ/ ኣይነኣለም ሃብታይ ወልደኣብዘጊ ዝኾኑ 1.ጸገ ኣድሓኖም 2.ሙሴ ኣድሓኖም 3.ቅዱስ ተማሰገን 4. ዩኤል ተማሰገን 5. ፋጥማ ዒሳ ዑመር 6.መርየመ ዒሳ ዑመር 7. ነጃት ዒሳ ዑመር 8.ዑመር ዒሳ ዑመር 9.ራድያ ዒሳ ዑመር 10.ታደሰ ወልደትንሳኤ ዝተባህሉ ብውርሲ. ንዘርኸብዎ፦

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ን/ዞባ ጎዳይፍ ደምበ ሰምበል እንዳ ኮርያ ብሎክ 207 ቁ.ገዛ 205 ብስም ነፍ/ር ኣይነኣለም ሃብታይ ወልደኣብዘጊ ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ዕለት 14/6/2013 ብህያብ ስለዝዘበኒ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓልልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝተቓልሓሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ተቓውሞ ሒዙ ናብ ክፍሊ ፓፕሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ክቐርብ ኣለዎ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ስም ዋንነት ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ማዘንግዕ ተስፋማርያም ኣብርሃም
ወኪል ኣቶ ነጋ ኣስፍሃ

ኣነ ወ/ሮ ማዘንግዕ ተስፋማርያም ኣብርሃም ዝተበሃልኩ፥ ህያብ ወሃቢት ወረ/ኛ/ ኣይነኣለም ሃብታይ ወልደኣብዘጊ ዝኾኑ 1.ጸገ ኣድሓኖም 2.ሙሴ ኣድሓኖም 3.ቅዱስ ተማሰገን 4. ዩኤል ተማሰገን 5. ፋጥማ ዒሳ ዑመር 6.መርየመ ዒሳ ዑመር 7. ነጃት ዒሳ ዑመር 8.ዑመር ዒሳ ዑመር 9.ራድያ ዒሳ ዑመር 10.ታደሰ ወልደትንሳኤ ዝተባህሉ ብውርሲ. ንዘርኸብዎ፦

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ከተማ ባጽዕ ፍሉይ ስሙ እንዳ ኮርያ ብሎክ 104 ቁ.ገዛ 104 ብስም ነፍ/ር ኣይነኣለም ሃብታይ ወልደኣብዘጊ ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ዕለት 14/6/2013 ብህያብ ስለዝዘበኒ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓልልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝተቓልሓሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፥ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ተቓውሞ ሒዙ ናብ ክፍሊ ፓፕሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ክቐርብ ኣለዎ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ስም ዋንነት ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ማዘንግዕ ተስፋማርያም ኣብርሃም
ወኪል ኣቶ ነጋ ኣስፍሃ

ኣነ ወ/ሮ ኤደን ብርሃ ጎይትኦም ዝተበሃልኩ፥ ወ/ነ/ሄር ለተብርሃን ተድላ ወልደኣብእዝጊ ዝኾንኩ፥ ምስ መዋርስተይ ብውርሲ. ዝበጽሓና ቀዋሚ ንብረት ገዛ ብስም ዓየይ ኣብ ምም/ኣቦሻውል ጎደና 407 ቁ.ገዛ 80 ብናይ ኮምሽን ምጽራይ ምስክር ወረቐት 113189 መ/ቁ 108001 ዝተመዝገበ ቀንዲ ሰነድ (ኦርጂናል) ስለ ዝጠፍኣኒ፣ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ ዝበል ሰብ እንተልዩ፥ ብቑጽሪ ተሌ.07628806 ደዊሉ ክሕብረኒ፥ እንተዘይኰይኑ ሓድሽ ዋንነት ክወሃበኒ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ኤደን ብርሃ ጎይትኦም

ኣመልከትቲ፡ ኑቲ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ጎደና ቃሓውታ ቁጽሪ ገዛ 21 ፕሎት 9 ፓርሰል ኤ ASP 000015456 ASD 00016156 ስፍሓት መሬት 500 ት/ሜ ብዘሐ. ክፍሊ ቀንዲ 32 ተሓጋጋዚ. 22 ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብስም ለተንስ ተኽለ +2 ዝተመዝገበ፡ ወላዲትና ለተንስኣ ተኽለ፡ ኑቲ ብጽሒታ ዝምልከት ንኣልማዝ ታደሰን ንሙሴ ታደሰን ብህያብ ስለ ዝሃበትና'ሞ ናባና ከመሓልልፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዝፈቕዶ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተባህለ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኑታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ።

ሙሴ ታደሰ

ብስም የርዳኖስ ተወልደ ተስፋይ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00036372 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጸጸራት ጎደና ሓርበኛታት ቁ.ገዛ 76 ዝርከብ ናይ መሻጢት ትካለይ፥ ንወ/ሮ ልችያ በረኸት ሃይሉ፥ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ሰምበል ጎደና 835-38 ቁ.ገዛ 15 ዕለት 11/1/2025 ክሳብ ዕለት 10/01/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፥ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰሳሳ መዓልቲ፥ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይ ኰይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

የርዳኖስ ተወልደ ተስፋይ

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ዘፍቅራ ክብርቲ ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ዛፉ ኣፈወርቂ እያሱ ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ሕማማ ዝተመላለስኩምን ኣብ ጸዕዳ ክርስትያን ዘቃበርኩምናን ካብ ወሻጥን ወጻኢን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘና ንግጽ።

ብዓል ቤታ ኣቶ ካሕሳይ ገብረታትዮስ
ምስ ምሉእ ስድራቤት

ኣቶ ተስፋኣለም ግርማይ ተኽሉ፡ ዝተፈቐደሎም ናይ መሸጢ. ሃለኽቲ ንግዳዊ ትካሎም "ንያት ሱፕርማርኬት" ( NIAT SUPERMARKET) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለ ዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤ/ፍ መእገዲ የቕርብ። እንተዘይ ኰይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ከባቢ 06 ናይ ጃምላን ሸርሻርን ኣሕምልትን ፍረታትን ትካል ብስም በኪት ግዛጣን ጀምዕ ዝተማዝበ ልቸንሱ፥ ንኣቶ ሃብተስላሴ ኣልመዶም ካብ ዕለት 20/11/2024 - 20/10/2027 ከካርዮ ስለ ዝኾንኩ፥ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ጨንፈር ንግዲ ዞባ ዓንሰባ ከተማ ከረን ይቕረብ። እንተ ዘይቀሪቡ፡ ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ በኺት ግዛጣን ጀምዕ

ብስም ዓብደልዋሃብ ኑር ኣሕመድ ከሊፉ ዝተመዝገበ፡ ኣብ ን/ዞባ ማእከለ ከተማ ፕሎት 36 ቁ.ፓርሰል ASP00020393 መለለዪ ቁ.1:002036/1 ዝርከብ ኦርጂናል ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣኒ፥ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ ኣለኹ ዝበል እንተሎ ብቑ.ተሌፎን 07147864 እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ክሕብረኒ፣ እንተዘይኰይኑ ግና ካብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር መተካእታኡ ክወሃበኒ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ዓብደልዋሃብ ኑር ኣሕመድ ከሊፉ

## ምልክታ ጨረታ

ቤ/ጽ ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ኣብ ባረንቱ ዝርከብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈቱን ኣብ 13 ን/ዞባታትን ዝርከብ ቤ/ጽሕፈታትን ከምፕዩተራት፣ ፕሪንተራት፣ ፎቶ ኮፕየራትን ፋክስን ንሓደ ዓመት 2025 ዘገልግል ውዕል ጽገናታት ከምጊርት ስለ ዝደለየ፣ በብዘሞይኦም ኣገልግሎት ዝህቡ ተጫረትቲ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎም ዘለዎም ረቛሒታት፦

1. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ 2023 ግብሪ ዝኸፈሉሉን የቕርቡ።
2. ተጫረትቲ ክህብዎ ዝኽእሉ ኣገልግሎት ዝገልጽ ዝርዝር ሓበሬታ፡ ሰነድ ጨረታ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ብምምጻእ 50 ናቕፋ ዘይምለስ ከፊሎም ይወስዱ።
3. ተጫረትቲ በዚ ተጠቒሱ ዘሎ ሞያ ዝሰርሑሉ ተመክሮታት ዝገልጽ ናይ ስራሕ ብቕዓት ምስክር ወረቐት የቕርቡ።
4. ዝጸገን ንብረት ከምዝተበላሸወ ሓበሬታ ምስ በጽሖ፡ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልቲ ጸጊኑ ዘረክብ።
5. ኑቶም ካብ ርሑቕ ከውዓደሩ ዝደልዩ ኣብቲ ዞባ ወኪል ጽገና እንተለዎም ተመሪጹ ስለዝኾነ ከቕርቡ ይኽእሉ።
6. ናይ'ዚ ቀሪቡ ዘሎ ዓይነት ዝጸገን ንብረት መቀያየሪ ኣቕሓት ንሓደ ዓመት ብዘጸንሕ ዘይቅየር ዋጋ ዘቕርብ፡
7. ተጫረትቲ ዝመልእዎ ሰነድ ጨረታ ብዝተዓሸገ ሰታሪት ኣብ ጨ/ሓ/ኣገልግሎት ኣሃዱ ዕድጊ ባረንቱ የረክቡ።
8. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 731319 ክውከሱ ይኽእሉ።
9. ዕወት፡ ኣገልግሎት ጽገና ዝህበሉ ቦታ ኣብ ቤ/ጽሕፈት ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ ባረንቱ እዩ።

ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ንሓደ ወርሒ ክፉት ኮይኑ፥ ኣብታ ትቕጽል ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 11:00 ቅ/ቐ ኣብ ቤ/ጽ ክ/ ምም/ፋይናንስን ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ጨረታ ይኽፈት።
ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተተረኺቡ፡ ነዚ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ት/ዕድመ ኣልማዝ ስለሙን ኣፈወርቂ ብመንገዲ ሞግዚታ፡ ኣልማዝ ስለሙን ኣፈወርቂ ምግል ተረፉ፡ ዳይሞንድ ስለሙን ኣፈወርቂ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ደሴታ ኣሰገደ ጓዕዳድ፡ ኣቦና ኣሰገደ ጓዕዳድ ካሕሱን ኣዴና ነሾት ደበሳይ ተወልደን ስለዝዓረፉ፡ ንሕና 8 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ብፍ/በ/መሳል ኪዳ ተስፋይ ተደላ፡ ብወኪል ኣብለን ብፍ/ሰ/ዕዳ ኤልሳ ተስፋይ ጴጥሮስ ተስፋይ ናይ ፈጸሚ ዝምልከት ክሲ ቀሪብልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ተኸሰስቲ ወ/ሮ ሰምረት ክፍለን ወ/ሮ ሄለን ክፍለን፡ ከሳሲት ወ/ሮ ማና ክፍለ ተኽሉ፡ ናይ ወለድና ምቅሊት ወርሻ ክርክር ክፍጽመላን ብመንገዲ ወክልና ዘጥፋእክዎ ገዝብ ክኸፍላኒ ዝብል ክሲ ስለዘቕረብኩ፡ ተኸሰስቲ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረባ። እንተዘይቀሪብክን፡ ጉዳይክን ኣብ ዘየለኽንሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ወ/ሮ ሉተሚካኤል ባርያምካኤል ግደይ፡ ሓፍትና ገነት ባርያምካኤል ግደይ ስለዝዓረፈት፡ ወላድ ስለዘይብሉ ኣነ ምስ 3 ህልዋት ኣሕዋተይ 1መዋቲ ሓወይ 7 ተተካእቲ ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ብሩኽ ኣስመላሽ በርሀ፡ ወጸብት መልሲ ስለም ኣስመላሽ በርሀ ኣብ ን/ዞባ ሰምባል ኣብ ማሕበር ሸዊት ብቑ. 58/2A ዝተመዝገበ ንብረት ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

የርዳኖስ ኣፈወርቂ ሚካኤል ምግል ተረፉ፡ የርዳኖስ ኣፈወርቂ ዑቕባሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ፣ ስም ኣደይ ከኣ ለምለም ግርማይ ምግል ተረፉ ለምለም ጉብረማርያም ትርፌት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምሕረት መዝሙብ ጉብረኣምላኽ፡ ስም ኣደይ ጸገ መሓሪ ሃብተማርያም ምግል ተረፉ ሉተብርሃን ተኽለሚካኤል ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኤልሳ ጉብረርግኣስ ያሬድ ምግል ተረፉ ኣርሴማ ጉብረርግኣስ ያሬድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ተስፍኣም ክፍለ ሃብቱ ምግል ተረፉ ናህም ክፍለ ሃብቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምሕረትኣብ በርሀ ጻዕዳ ምግል ተረፉ ፍትሓዊ በርሀ ጻዕዳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፊሩዝ ተስፋልደት ሃብተ ምግል ተረፉ ሰላም ተስፋልደት ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሊድያ ጉብረመስቀል ተወልደ ምግል ተረፉ ራሄል ጉብረመስቀል ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፋማርያም ኣብርሃም ባህታ ምግል ተረፉ፣ተስፋማርያም ኣብራሃም ባህረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ሰላም ጉብረስላሴ መረስዕ ተኸሳሲ ብርሃ ኣረጋይ ጉብረስላሴ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ከሳሲት ወ/ሮ የርዳኖስ ዓንደብርሃን ተሰፋ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሚሮን መንግስትኣብ በረቑ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ወ/ሮ ኣስመረት ጉብረእየሱስ ጉብረመድህን፡ ብዓል ቤተይ በየነ ሃይለ ሀብታ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ምኑት ጸጋይ መለስ፡ ብዓል ቤተይ መም/ ሚካኤል ተስፋይ ትኩእ ስለዝዓረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 9 ደቂ መዋቲ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ መድሀን ጉብረእግዚኣብሄር በራኺ፡ ኣሕዋተይ 1.ኣበበ ጉብረእግዚኣብሄር በራኺ 2.ኣማር ጉብረእግዚኣብሄር በራኺ 3.ደሳለኝ ጉብረእግዚኣብሄር በራኺ 4.ግርማይ ጉብረእግዚኣብሄር በራኺ ጥፉኣት ምዃኖም ብዕለት 30/10/2024 ዓ/ም ስለ ዝተረጋገጹ ዝኾነ ወላድ'ውን ስለ ዘይብሎም፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ናይ ጥፉኣት ኣሕዋትና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ፍስሃጽዮን በርሀ ሰዩም ምግል ተረፉ ፍስሃ በርሀ ሰዩም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሕረት ጉብረትንሳኤ፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃለ ሃይለ ጉብረሂወት ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቕና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ፍትሓዊ ዳዊት ብርሃ ምግል ተረፉ ዘርኣሰናይ ዳዊት ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ከሳሲት ጻድቃን እስቅያስ ሳህሉ፡ ተኸሳሲ ተወልደ ጉብረሚካኤል ሹቓር፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ብፍ/በ/መሳል ራሀዋ ሓጎስ ኣብርሃ፡ ተኸሰስቲ ብፍ/በ/ዕዳ ማተዎስ ሰለሙን ተኽሉ፡ ወኪል ትርሓስ ወ/ጉብረኤል፡ ናይ ፈጸሚ ክሲ ቀሪብልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ከሳሲት ኣሙተጸየን ተስፋይ ኪዳ፡ ተኸሳሲ ዑቕባ ወ/ጉብረኤል ኣየሙት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን1/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ሉተማርያም ዑቕባስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ ደባስ ተስፋማርያም ስለዝዓረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 8 ደቅና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብርሃና ኣድሓኖም በየነ፡ ብዓል ቤተይ ጉብረኺዳን በራኺ ጉብረስላሴ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ራሕማ ሓጂ ማሕሩፍ 2.ወ/ሮ ፋጡማ ሓጂ ማሕሩፍ ኣብ ከተማ ዓዲ ቐይሕ ፍሉይ ስሙ ኣብ መደበር ዝርከብ ክልተ ክፍሊ ገዛን ብመንደቕ ዝተኸበበ ሰፊሕ ካንቸሎን ብሰሜን ባዶ ቦታ፡ ብደቡብ ጎደና፡ ብምዕራብ ጎደና፡ ብምብራቕ ተስፋይ ተኽለ ዝዳወብ ናይ ኣቦሓጎና በሽር ኑር ሓሰን፣ 5 ደቂ ደቆም በዐጽሒትና ክንወስድ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

መሓመደኻሊፋ ኣሕመድ ማሕሙድ ምግል ተረፉ ኸሊፋ ኣሕመድ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ወ/ሮ ውቭሽ ብርሃ ጋይም፡ ብዓል ቤተይ ተጋ/ ጉብረኣብ ረድኢ ማስመር ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ዓሊጃምዕ ሕመዳይ ጉብረሰ ምግል ተረፉ ዓሊጃምዕ ሓምደ ጉብረሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣልጋሽ ወልደዝጊ ከተማ፡ ብሕጋዊት ወከል፡ ወደይ የናታን ቢንያም ኣስመላሽ ስለዝተሰወአ፡ ሓዳር ይኹን ወላድ ስለዘይብሉ ክልቴና ወለዱ ወረስቱ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤልሳ ኣብርሃ ወልዳይ ምግል ተረፉ ኤልሳ ኣብርሃ መሓሪ ወልዳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተወልደ ሃኪን መ/ኑር፡ ኣደይ ዘውዲ ጉብረዝጊ እብስላሴ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ኣቶ መብራህቱ ደበሳይ፡ ኣደይ ሳራ ከሰተ ዘርኣዎቶብ ስለዝዓረፈት፡ ንኣቦና ደበሳይ መሓሪ ናይ መጻምዲ መሰሉ ይተሓለወሉ፡ ኣነ ድማ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብሞግዚት ወ/ሮ የርዳኖስ ግደ፥ ት/ዕድመ 1.ሮቤል ተስፋይ ጺጋዘኢ 2.ልዋም ተስፋይ ጺጋዘኢ 3.እስራፍኤል ተስፋይ ጺጋዘኢ ምግል ተረፉ 1.ሮቤል ተስፋኣለም ጺጋዘኢ ኣሰገዶም 2.ልዋም ተስፋኣለም ጺጋዘኢ ኣሰገዶም 3.እስራፍኤል ተስፋኣለም ጺጋዘኢ ኣሰገዶም ተባሂሉ ይተኣረመሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሮዳስ ብርሃ ጉብረገርገሽ ምግል ተረፉ የርሳሌም ብርሃ ጉብረገርገሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤደን ስለሙን ሹሊ ምግል ተረፉ ኤደን ሰሌማን ሹሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቀሺ ኪዳ እዝጊኣምን ተኽለሃይማኖት፡ ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ገነት ደብሩ መብራህቱ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ኣዶናይ ባህታ ብርሃ ምግል ተረፉ ፊሊሞን ባህታ ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ዓንዱ ያቆብ ዓንደማርያም ምግል ተረፉ ኣቤል ያቆብ ዓንደማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኪዳ ኣማኑኤል ተኽለ ምግል ተረፉ የማ ኣማኑኤል ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ዓዲ ኳላ፡ ናይ ቦጥ ትካለይ ER-3-A-1898 ቁጻሲ 682N4048711 ንኣቶ ሰማር ዓብደልቓድር ኣማን፡ ኣድራሻ ዓዲ ኳላ፡ ብውህብቶ ስለዝሃብኩዎ፡ ብስም ወጸብ ወህብቶ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውምኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስሙ ክምዝመሓላለፍ ንፈልጥ።

ዓብደልቓድር ኣማን

---




ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቑ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቓታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ንዕብየትና፡ መጽሓፍ ምንባብዶ ፊልም ምርኣይ?

ዕብየት ብብዙሕ መገዲ ዝገለጽን ዝተፈላለየ መለክዒ ዘለዎን ሰፊሕ ጭቡጥ እዩ። "ዕብየት ክብሃል ከሎ፡ ካብ ካልኦት ሰባት በለጸ፣ ኣብቲ ዝለዓለ ደረጃ ተባሂሉ ዝተሓንጸጸ ሕንጻጽ በጺሑ፣ ኣብ ብርሃን ጎሊሑ ክትርኢ ከለኻ'ዩ" ዝብሉ ገለ ሰባት ኣይሰኣኑን። እዚ ኣበሃህላ፡ ንእሹቶ ክፋል ካብ መግለጺ ናይ ዕብየት ዝትንክፍ'ኳ እንተኾነ፡ ዕብየት ግን ብቐንዱ፡ "ኣብ ከባቢኻ ብዘርከቡ ሓገዝቲ ትብለም ነገራት ተጠቒምካ፡ ካብ ትማሊ ሎሚ፡ ካብ ሎሚ ከኣ ጽባሕ ዝሓሸን ዝበለጸን ፍልጠት ክህልወካ ምጽዓርዩ" ክብሉ ብዙሓምን መንገዲ ዝገልጽዎ ዓበይቲ ዕውታት ናይ ዓለምና ብዙሓት እዮም። ካብ'ዚ መግለጺ እዚ ከኣ፡ ዕብየት ናይ ሎሚ ኑብሸኻ ምስ ናይ ትማሊ ኑብሸኻ ብምውድዳር ጥራይ ክትፈልጦ ከም ትኽእል ክንግንዘብ ንኽእል። ከምኡ እንተኾይኑ'ዩ ኸኣ ዕጓባት፡ ውሽጣዊ ቀሳትን ምስጋና ዝመልኦ ሂወትን ክትመርሕ ትኽእል። ናይ ፍልጠት ሰብ ክህልወካ'ውን ይጉብር። በዚ መንገዲ እዚ ንዕጓባት ክትረኽቦ ምስ ትጽዕር ከኣ ናብቲ ናይ ዓበይቲ ዝበሃል ዝለዓለ መድረኽ ትድይብ፣ ካብ ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ሰባት'ውን ዝሓሸ ዕብየትን ደረጃን ክህልወካ'ውን ይኽእል።

ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ሓደ ካብ'ቶም ኣካታዕቲ ኩይኑ እንረኽቦ ኣርእስቲ እምበኣር 'መጽሓፍ ምንባብዶ ፊልም ወይ ቪድዮ ምርኣይ ዚያዳ ንዕብየት ሓጋዚ' ዝብል እዩ። ዚ ሕቶ እዚ ክንምልሶ እንተ ኴንና ከኣ መጀመርታ ክንርድኦ ዘለና ኩሉ ሰብ ሓደ ዓይነት ዝንባለን ትኹረትን ክህልዎ ከምዘይክእል እዩ። ገለ ሰባት መጽሓፍ ምንባብ ከም ኣሰልቻውን ኣጉዳሲኑ ከም ንእሹቶ ነገርን ክገልጽዎ ከለዉ፡ ፊልም ምርኣይ ድማ ከም መዛርን ኣዘናጋዒን ጠሚቶም ብኣድናቖት ክገልጽዎ ይርእዩ እዮም። ከምኡ'ውን ካልኦት ሰባት፡ ን'ፊልም ምርኣይ'፡ ከም ማዕከን ምዝንጋዕን መሕለፊ ግዜን ካብኡ ሓሊፉ ከም ምንጪ ኣታዊ ሰራሕቲ ብምጥማት፡ ንፍልጠትን ዕብየትን ዝሽውን ቅወምነገር ከምዘይብሉ ዝገልጹዎ ኣለዉ። እዚም ከምዚኦም ዓይነት ሰባት፡ መጽሓፍ ምንባብ ንፍልጠትን ዕብየትን ዝጠቅም ጎደሮም እዮም ዝገልጽዎ። እንተኾነ፡ መጽሓፍ ምንባብ ይኹን ፊልም ምርኣይ፡ ክልቲኦም ብዝተፈላለየ መንገዲ ንዕብየትና ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ ሓብሬታታት ዘመሓላልፉልና ስለዝኾኑ፡ ብዘይጉጒ ኢና ከዘውትሮም ዝግበኣና።

ምንባብ ዓቕልን ድልየትን ዝሓትት'ኳ እንተኾኑ፡ ምስ ሓዝዮ ግን ኩሉ ኣደህቦኻ ንውሽጢ ስሓቡ ብምጥላቕ፡ ዚያዳ ክትዛርፎን ጥምዋት ናይ ፍልጠት ክህልወካን ዝጉብር እዩ። ኣብ ሕብረተሰብና እምበኣር፥ በዚ ምኽንያት እዩ ንሓደ ብዙይ ዝንብብ ነገር ኮፍ ዘይብል ሰብ፡ 'በላዒ መጽሓፍ' ወይ 'ወልፊ ቐለም ዘለዎ' እናበልካ ክጭረቐሉ ዝሰማዕ። ተመራመርቲ ስነ-ኣእምሮ ከም ዝገልጽዎ፡ ኣብ ግዜ ንባብ እቲ ዝዓበየ ክፋል ናይ ኣእምሮ ንጡፍ ይኸውን'ሞ ንነገራት ኣብ ምግንዛብን ምትዕጽጻፍን ተመኩሮ ከምዝሁብ ይገልጹ። ብዐጢሒ ዘንብብ ሰብ ካብቲ ዘየንብብ ኣእምሮኡ ብ'32 ሚእታዊት ከይደስከለ ክጸንሕ ከምዝኽእል እዩ። 'ዝንብብ ይዕንብብ' ከም ዝበሃል'ውን ምንባብ ኣብ ኣእምሮና ዓቢ ጽልዋ ኣለዎ።



ኣተሓሳስባኦምን ርድኢትናን ካብ ናይ ካልኦት ሰባት ፍልይ ዝበለ ክኸውን ዝጉብር ሓይሊ ኣለዎ። ኣብ መወዳእታኡ ከኣ ብስለትን ትኹረትን ክህልወና ይሕግዘ።

ዝኾነ ዓይነት ጽሑፍ ምንባብ ኣጉዳሲን ሰፊሕ ኣእምሮ ንኽህልወካ ዝሕግዘን'ኳ እንተኾነ፡ ንኸይሰልችወካን እቲ ክትፈልጦ ኣጉዳሲካ ዘሎ ብቐሊሉ ንኽትክስቦን ግን፡ ኣብ'ቲ ዓይነት ዓውዲ ኣተኩሩ ዝተጻሕፈ ጽሑፍ ምንባብ ዝበለጸ ይኸውን። እዚ ኸኣ ንሓደ ዓውዲ ብፍሉይ ክትፈልጦን ክትርድኦን ይሕግዘ። ኩሉም ዓይነት ጽሑፋት ብዝተፈላለየ መንገዲ ኸቶም ተመኩሮን ሓብሬታን ዝሓቕፉ እዮም። "እዚኣ ጥቕሚ ዘይብላ ጽሕፍቲ እያ" ምባል፡ ካብ ዘይምስትብሃል ዝበገሰን ንትሕዝቶ ናይታ ጽሕፍቲ ኣድቂቕካ ካብ ዘይምርዳእ ዝቅለን እዩ። ዝኾነ ጽሑፍ ዋላ ኣብ'ቲ ኣዚኻ ትፈልጦ ኣርእስቲ ዘተኩረ እንተኾነ፡ ብውሕዱ የኸኻክረካ ተወሳኺ ፍልጠት እውን ዘወህበካ እዩ። ስለዚ ንኽትዓቢ ዝረኸብካዮ ዓይነት ጽሑፍ ከተንብብ ይግባእ፣ ምስ ባህርኻን ዝንባለኻን ዝኸይድ ምንባብ ድማ ተመራጺ።

ጽሑፋት ኣብ ብዙሕ ክፋል እዮም ዝመቓቐሉ። ከም ዓይነቶም ከኣ ዝተፈላለየ ፍልጠትን ተመኩሮን የመሓላልፉ። ንኣብነት፡ ገለ ካብ'ቶም ብዐጢሒ ኣብ'ዚ ሕብረተሰብና ዝንበቡ ዓይነታት ጽሑፋት ክንጠቅስ እንተኾንና፡ ልቢ ወለድ እዩ። ልቢ-ወለድ ብብርክት ዝበሉ ፍጻመታትን ተዋሳእትን ዝሓፈ እዩ። ኑቶም ኣብ ሂወት ካብ ዘጋጥሙ ነገራት፡ ከም ጭንቂ፡ ውድቀት፡ መከራ፡ ሓጎስን ራህዋን ወዘተ፡ ምስ ኣመጻጽኣኦምን ኣፈታትሓኦምን ብምሳጢ ኣዘናጋዊ ዝዓለው እዮም። ንሕብሻኻ ኣብ ሂወት ናይ'ቶም ተወሳእቲ እናኣእቶኻ ከተንብቦ እንከለኻ ድማ ኣብ ሚላ ኣካብራ ብዙሕ ተመኩሮ ክትወስድ ይሕግዙኻ።

ስነ-ልቦናዊ ጽሑፋት እውን እንተኾኑ፡ ብዛዕባ ጠባያትን ሓሳባትን ናይ ደቂ ሰብ ኣተኩሮም ዝጸሓፉ ኩይኖም፡ ከመይ ገይርካ ትሕትና፡ ተማእዛዝነት፡ ሓጎስ፡ ሰላምን ፍቕርን ዝመልኦ ሂወት ትመርሕ እናመሃሩ፡ ኣብ ዓለም ብሰላማውን ዕውትን መንገዲ ክትነብር ዝሕግዙኻ እዮም። ካብ'ዚ ሓሊፍና ከም መጽናዕታዊ ጽሑፋት፡ ቁጠባውን ፖለቲካውን ጽሑፋት፡ ስነ ፍልጠታውን ስነ-ጥበባውን ጽሑፋትን ካልኦትን ድማ ከም ኣጸሓሕፋኦም ኣጉዳሲ መልእኽቲ ብምምሕላፍ ኣብ ሂወትካ ዕብየት ክትድልብ የኽእሉኻ። ፊልም ምርኣይ ንባዕሉ ልክዕ ከም ናይ መጽሓፍቲ፡ ብዓይነቶምን ትሕዝቶኦምን ዝተፈላለዩ እዮም። ከም ዓይነቶም ከኣ ብመሳጥን ኣዘናጋዕን መልክዑ መልእኽቶም የመሓላልፉ።

ፊልም ምርኣይ፡ ኣእምሮ ናይ ምብርባር ሓይሊ ስለዘለዎ፡ ንቑሕ ክትኸውን ከምዝሕግዝ ክኢላታት ናይ'ዚ ዓውዲ ይገልጹ። ብፊልም መልክዕ ዝረኣናዮም ነገራት፡ ክንዝክሮምን ምስ ህልው ኩነታት ናይ ናብራና ከተሓሕዞን ኣጸጋሚ ኣይኮነን እዩ። ስለዚ፡ ንንውሕ ዝበለ እዋን ከይረሳዕናዮም ኣብ ኣእምሮና ከሰላስሎን ክንመራመረሉን ንኽእል። ከም 'ሳይንሳዊ ልቢ-ወለድ' ዝዓይነቶም ፊልምታት ከኣ ብዙዕባ መጻኢ ክትመራመርን ኣርሒቕካ ክትሓስብን ብምግባር፡ ናይ ጉዳእ ርእሰኻ ፍርያት ከተፍሪ የተባብዑኻ። ከም ኣድላይነቶም ኩሎም ዓይነት ፊልምታት፡ ልክዕ ከም ናይ መጽሓፍቲ፡ ከም ኣሰራርሓኦም ኣጉዳሲ መልእኽትን ተመኩሮን ዘቕስሙ እዮም።

ካብ'ዚ ሓሊፉ፡ ፊልም ምርኣይ ይኹን መጽሓፍ ምንባብ፡ ኣብ ዕብየትን ምዕቃብን ቋንቋ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ኣለዎ። ሓድሽ ቋንቋ ክንምሃር ምስ እንደሊ ክልቲኦም ንዕብየት ቋንቋና ኣብ ምሕጋዝ ዓቢ ተራ ይጻወቱ።

እዚ መሰረት ብምግባር ከኣ፡ እቲ ሓደ ካብ'ቲ ሓደ ዚያዳ ኣብ ዕብየትና ዓቢ ኣስተዋጽኦ ኣለዎ ኢልና ክንፈልዮ ኣጸጋሚ ይኸውን። ምኽንያቱ ክልቲኦም (ፊልም ምርኣይን መጽሓፍ ምንባብን) ተመሳሳሊ ጥቕሚን ኣሰራርሓን ስለዘለዎም። ኣብ ክልቲኦም ዓውዲ፡ ተወሳእትን ፍጻመታትን ውሱን ግዜን ቦታን ይወሃቦም እዩ። ስለዚ ክልተ ገጽ ናይ ሓንቲ ሳንቲም ተባሂሎም እንተተገልጹ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮኑን። እቲ ፍልልዮም፡ እቲ ሓደ ብተንቀሳቓሲ ስእሊ ክምህረና ከሎ፡ እቲ ሓደ ድማ ብጽሑፍ መልክዕ ንፍጻመታት ኣብ ኣእምሮና ከሰላስሎን ክንመራመረሉን እዩ ዝሕግዙና። ዘመሓላልፍዎ መልእኽቲ ድማ ተመሳሳሊ እዩ።

ተመራመርቲ ናይ'ዚ ዓውዲ፡ ምንባብ ይኹን ምርኣይ ኣብ ዕብየትን ምትዕጽጻፍን ኣእምሮ ብምህዕራ ሓገዝ ከም ዘበርክቱ ይሃቡና እዮም። ካልእ፡ ኣብ እንነብበሉ ወይ እንርእየሉ እዋን ኣእምሮና ንጡፍ ይኸውን። ክልቲኦም ወገናት ከኣ ብሞኒዥናዊ መንገዲ ማለት መጀ ፊልም ትርኢ፡ መጀከ መጽሓፍ ተንብብ ፈላሊኻ እንተ ተጠቒምካሎም ኣገዳስነቶም ዚያዳ ይብርክት። ንኣብነት፡ ኣብ ገለ ኢጋጣሚታት ዝተጻሕፉ መጽሓፍቲ ብመልክዕ ፊልም ተቐሪጾም ንረኽቦም ኢና፡ ኣብ ከምዚ እዋን ግዜና ብምሙማዕ፡ ነታ መጽሓፍ ዲና ከሃንብባ ዘለና ወይስ ነታ ፊልም ንርኣ ክንወስን ይግባእ። እኹል ግዜ ኣለና ኢልና እንተ ሓሲብና ከኣ ነታ ፊልም ድሕሪ ምርኣይና፡ ዓሚቕ ኣፍልጦ ናይቲ ፍጻመታት ክህልወና ምስ እንደሊ ነታ መጽሓፍ ከሃንብባ ሓጋዚ ይኸውን። ወይ'ውን ኣቓዲምና ዝዘብብናዮም



ነገራት ከም መዘኻኸሪ ብፊልም ዝተቐረጸ ሰለዶም እንተረኣና ኣብ ግዜ ምቑጣብ ይኹን ብዝሓጸረ መልክዕ ንምርድኦም ይሕግዙና።

ኩሉ ነገር ከምቲ ጥቕሚ ዘለዎ ጉድኣት ክህልዎ'ውን ንቡር እዩ። ምንባብ ወይ ምርኣይ ድማ ከም'ቲ ንዕብየትና ሓገዝቲ ዝኾኑ፡ ካብ ዓቐን እንተብዚሖም ጥዕናዊ ጸገማት ከምጽኡልና ይኽእሉ እዮም። ንዓይንና ይኹን ንኣልእ ጥዕናዊ ጸገማት ከውግድ ከኣ፡ ካብ ዓይንና ፍልይ ኣቢልና ክንሕዞምን ክንጥቀመሎምን ይግባእ።

ኣብ ዕብየት ኣየናይ እዩ ዝሕግዘና ንዝብል ሕቶ ክንምልስ እንተኾንና እምበኣር፥ ዚያዳ ኣደህምኻ ኣበይ እዩ? ወይ ብፊልም እንተ ርኢኻዮ ደዩ ወይስ ብመጽሓፍ እንተ ኣንቢብካዮ ኢኻ ቀልጢፉ ዝርድኣካ? ዝበን ሕቶታት ምስ እንምልሶ፡ ቡቲ ዝመረጽናዮ መንገዲ ዚያዳ ዕብየት ክንድልብ ንኽእል ኢና። ይኹን እምበር ብኽልቲኡ ወገን ክንዓብየሉ እንተ ደሊና፡ ኣደህቦ ሂብና ኣዕሚቕና ክንጥቀሞሉ ኣለና። ከሉ ማሕበራዊ ዕብየት ካብ ስድራ ስለዝጅምር ድማ ሰድራቤት፡ ኣብ ቤቶም ናይ ንባብ ልምዲ ክየቢ ክጽዕሩ፡ ንደቆም ክንብቡ ከተባብዑ ሓላፍነቶም እዩ። ኣብ ገዛኡ ንባብ ዘይተላመደ ወይ ናይ ንባብ ልምዲ ከጥሪ ብወለዱ ዘይተተባብዐ ተመሃራይ፡ ኣብ ትምህርቱ ኣድማዒ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሓፈሻዊ ማሕበራዊ ዕብየቱን ክእለቱን እውን ድኹዓት እዩ ዝኸውን። ስለዚ፡ ተራ ወለዲ ኣብ'ዚ መዳይ ብዘይ ምስልካይ ዕዙዝ ክኸውን ይግባእ።

እዚ ይኹን'ምበር፡ ፊልም ብምርኣይ ዶ መጽሓፍ ብምንባብ ምጅማር ይሓይሽ ዝብል ክምለስ ዘለዎ ሕቶ እዩ። ምኽንያቱ፡ ሸሕኳ ኣብ ዕብየትና



ዝጻወትዎ ተራ ልክዕ ከምቲ ክልተ ገጽ ናይ ሓደ ሳንቲም ኣርባዕቲ እዮም እንተበልና፡ መንኦም'ዩ ቀዳሞ ክመጽእ ዘለዎ ዝብል ግን፡ ክፍለጥ ዘለዎ እዩ። ወዲ-ሰብ ከንብብ ቅድሚ ምጅማሩ፡ ፊልማ ብዓይኑ ብምርኣይ እዩ ነገራት ክዕዘበን ፍልጠት ክምእርርን ዝኽእል። እዚ ኸኣ ሕጊ ተፈጥሮ ብምዃኑ፡ ክልወጥ ዘይክእል ሓቂ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ሓንጎልና፡ ከፍንዝበን ክዝክርን ኣብ ዝኽእለሉ ዓቕሚ ምስ በጽሐ፡ ምስ ማዕበለ ወይ ፊደላት ክቖጽርን ክርድእን ምስ ጀመረ፡ መጽሓፍ ናይ ምንባብ ልምዲ እዩ ክመጽእ ዘለዎ። እዚ ማለት፡ ቅድሚ ፊልም ክንርኢ ምጅማርና፡ ናይ ንባብ ልምዲ ክንሕዝ ኣለና ማለት እዩ። ብድሕሪ'ዚ፡ እቲ ፊልም ናይ ምርኣይ ዕድል ንቕጽሎ። ንኣብነት፡ ሓደ ህጻን ቅድሚ ፊልም ክርኢ ምጅማሩ፡ መጽሓፍ ከንብብ እዩ ዘለዎ። ወለዲ'ውን በዚ ማስርዕ ተመሪሑም'የም ውላዶም ክከታተልዎምን ክመርሕዎምን ዘለዎም። ንባብ ከይመለኸ ፊልም ምርኣይ ዝለመደ ህጻን ግን፡ ሰሪዕ ዕብየት ሓንጎልን ፍልጠትን ክሕዝ ኣመና ከጸግም እዩ። ስለዚ፡ ንፊልም ምርኣይ ብምንባብ ክንጅምሮ ዝተመርጸ እዩ።

ሰልሞን እዮብ

# ዛዕባ ሎሚ

## ስልጡን ህዝቢ - ሕማቕ ዕጫ
## ዝኽሪ ሚያዝያ

ኣሰር ሰሎሙን
(2ይ ክፋል)



ህዝቢ ኤርትራ ናብቲ ኣብ ሚያዝያ 1993 ዝተኻየደ ልኡላውነቱ ብሰሪ ዘረጋገጸሉ ህዝባዊ ረፈረንዱም ንምብጻሕ ዝሓለፎ ታሪኽ ብሓጺሩ ንምዝኽኻር ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍዚ ኣመጻጽኣ ሃገርን ሃገራውነትን ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዝበል ኣርእስቲ ኤርትራ ከም ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ብመግዛእቲ ከምዝቖመት ተመልኪትና። እዋን መግዛእቲ ኢጣልያ ህንጸት ሃገረ ኤርትራን ኤርትራዊ ሃገራዊ ስምዒትን ኣብ ምፍጣርን ምዕዃኹን ዝተጻወቶ ግደ እውን ኣንቢብና። መቐጸልታኡ ደስዕቡ፦

### ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ብሪጣንያ

ድሕሪ 2ይ ኩናት ዓለም፡ ኣመሪካ ብዓለም ደረጃ ዝሓየለት ሃገር ኮይና ክትወጽእ እንከላ ኣብቲ ኩናት ዝተዓወታ፡ ሃገራት ሓይልታት ኪዳን (እንግሊዝ፡ ፈረንሳ፡ ሕብረት ሶቭየትን ኣመሪካን) ንውድብ ሕቡራት ሃገራት ማሰረታ።

ምስ ምቛም ናይዚ ውድብዚ፡ መግዛእቲ ኣብቂዑ፡ ግዙኣት ህዝብታት ናጽነቶም ክወሃቦም ኣብ ስምምዕ ተበጽሐ። ሃገራት ኣፍሪቃ ድማ ናጽነተን ክጎናጸፋ ጀመራ። ህዝቢ ኤርትራ ግን ን10 ዓመታት ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ብሪጣንያ ጸኒሑ፡ ድሕሪኡ ዕድሉ ክውሰን ተባህለ። ብሪጣንያ ንኤርትራ ኣብ መንጎ ግዝኣታ ዝነበረት ሱዳንን ኢትዮጲያን መቓቒላ ከተሕቅቓ ሕቡእ ድሌትን ዕላማን ስለዝነበራ፡ ኣብቲ ብምምሕዳራት ንኤርትራ ዘመሓደረትሉ 10 ዓመታት፡ ኢጣልያ ዝሃነጸቶ ዓበይቲ ትሕተ-ቅርጺታትን ቁጠባዊ ትካላትን ኣብ ምዕናው'ያ ተዋፊራ።

እዚ ዝገበረትሉ ምኽንያት፡ "ኤርትራ ብቁጠባ ርእሳ ኣይትኽእልን'ያ፡ ስለዚ ድማ ሃገር ክትከውን ብቕዕቲ ኣይኮነትን" ብዝብል ምኽንያት ናይ ተቐሰም (ምምቃል) ውጥና ንምትግባር እዩ። ኣመሪካ ብወገኑ፡ ኣገልጋሊት ዞባዊ ስትራተጂኣ ክትከውን ዝሓረየታ ኢትዮጲያ፡ ኣፍደገ ባሕሪ ክህልዋ ትደሊ ብምንባራ ክልቲኣን ርእሰ ሓያላን ኃያላን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ግዳይ ገበራ። ተጻብኦ ኣመሪካን መሻርኽታን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብቲ ግዜ'ቲ እዩ ዝጀመረ። ሃገርት ኤርትራ ካብ ገጽ መሬት ንምሕካኽ ዝተወሰደ ቀዳማይ ስጉምቲ ድማ ምዕናው ቁጠባን ትሕተ-ቅርጺን ነበረ።

ኢጣልያ፡ ኃናታ መግዛእታዊ ዕላማታት፡ ኣብ ትሕተ-ቅርጺን ኢንዱስትሪታትን ኤርትራ ብጠልየናት ለረ ዝተመን ዝያፍ ወፍሪ እያ ኣፍሲሳ። በዚ ድማ ቁጠባ ኤርትራ ኣብቲ ግዜ'ቲ ምስ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ብምንጽጻር፡ ናብ ዘመናዊ ርእሰማላዊ ቁጠባ ዘሰጋግር መሰረት ሓዚ ነበረ። ባጽዕ "ሉል ቀይሕ ባሕሪ" እናተባህለት እትጸዋዕ በቲ ግዜ'ቲ ኣብዚ ዞባ ዝማዕበለት ወደብ እያ ዝነበረት። ምምሕዳር ብሪጣንያ፡ ቀዳማይ ዝወሰዶ ስጉምቲ ከኣ ኣገልግሎት ወደባት ኤርትራ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ምውራድ ነበረ። እዚ ከውን ንምግባር፦

- ዓበይቲ ክሬናትን 500 ዝኾውን ኢንግላዊ ኣጋንእ ኑዳዲን ካብ ወደብ ባጽዕ ተኻቲሉ ናብ ግብጺን ማልታን ካልኦት ሃገራትን ተሸጠ። ተንሳፋፊ መዐሸጊ መራኽብ ምስ ክሬናቱን ንመጻጊ መራኽብ ዘገልግል መሳርሒታቱን ንፓኪስታን ተሸጠ።
- ንኣዕለዎት መኩዓንቲ ኢጣልያ ዝተሰርሐ 400 ዝኾውን ናይ ምቕት ገዛውቲ ብምሉኡ ከምዝፍርሱ ተገብረ። ሰራንዳታቱን መዓጾታቱን መሻኹቱን ተሰቲቑ ተወሰደ።
- 1000 ሰባት ዘኣንግድ መንበሪ ባሕረኛታት ብዘይ ኣሰር ከምዝፍርሱ ተገብረ።
- መዓልታዊ 1000 ቶን ስሚንቶ ዘፍሪ ዝነበረ ፋብሪካ ተኻቲሉ ንሱዳን ተወሰደ።
- ናይ ፖታሽ ፋብሪካ ተፈንጢሑ መሳርሒታቱ ናብ ዝተፈላለዩ ዓድግቲ ተሸጠ።
- 20 ሚልዮን ዶላር ዝዋጋኡ ኣብ ኣስመራ፡ ጉራዕ፡ ጊንዳዕ፡ ማይሓብር ዝነበረ ዓበይቲ መኽዘኖታት ተኻቲሉ ተዘሚቱ።
- ኣብ ናኹራ ተተኺሉ ዝነበረ መፍሓሪ ኑዱዲ ተማሒዩ ተወሲዱ።
- ካብ ኣቑርደት ንጎንደር መገዲ ባቡር ንምዝርጋሕ ዝተቐረበ ሓዲዳትን ካልእ መሳርሒታትን ብ300 ባኪታት ተጻዒኑ ተወሰደ።
- ኣስመራ-ባጽዕ ዘራኽብ ኣብ ዓለምና ዝነውሐ ተሌፈሪካ ምስቲ ዘንቀሳቕሶ ዓቢ ሞተር፡ ናብ እስራኤል ተሸጠ። ገመዳቱን ኣዕኑዳትን ተኻቲሉን ተማሒዩን ተወሲዱ።
- ኣብ ወደብ ዓሰብ'ውን ተመሳሳሊ ዝምታ ስለዝተፈጸመ፡ ዓቕሚ ናይቲ ወደብ ብሰለስተ ርብዒ ጉደለ፣
- ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራን ባጽዕን ዝነበረ ቡበዓይነቱ መሳርሒታት ብተመሳሳሊ ኣገባብ ተዘሚቱ።
- ናይ ሆስፒታል መሳርሒታትን ኣየር-ኮንዲሽንን ከይተረፈ ተኻቲሉ ናብ ሰዑዲ ዓረብ ተሸጠ።
- ዝተረፈ ደቓቕቲ ንብረት ናይ ዝተፈላለዩ ትካላት፡ ሓጻውን፡ መሳርሒታት ህንጻ፡ ጀነረይተራት ወዘተ ንውልቀሰባት ተሸጡ።

እዚ ከም ኣብነት ዝቐረበ እዩ። እቲ ዝርዝር ብዙሕ እዩ። ሽዑ ዝተዘምተን ዝዓነወን ቡበዓይነቱ ዘመናዊ ንብረትን መሳርሒታትን ብገንዘብ ናይቲ ግዜ'ቲ ኣስታት 100 ሚልዮን ፓውንድ እንግሊዝ ይትመን።

መግዛእቲ ብሪጣንያ ኣብ ኤርትራ፡ እዚ ዝተጠቕሰ ዝያፍ ዕንወት ክፍጽም እንከሎ፡ ብኣምንታ ዝጥቀስ ዘምጽኦ ንእሽቶ ለውጢ ነይሩ እዩ። ንቲ ካብ 4ይ ክፍሊ ዘይሓልፍ ዝነበረ ብኢጣልያ ዝተመስረተ ኣገልግሎት ትምህርቲ ክሳብ 2ይ ደረጃ ከምዝበጽሕ ምግባሩ፡ ናይ ጽሑፍን ዘረባን ከምኡ'ውን ፖለቲካዊ ሰልፈታትን ማሕበራትን ናይ ምቛም መሰል ምፍቃዱ ብእወታ ዝግለጽ እዩ። እንተኾነ፡ ምምሕዳር ብሪጣንያ ነዚ መሰል'ዚ፡ ብመግዛእቲ ኢጣልያ ተናኺሙ ዝነበረ ቀቢላዊ ሃይማኖታውን ካልእ ትሕተ-ሃገራዊ ስምዒታትን ቀስቂሱ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንሓድሕዱ ከምዘይሰማማዕ ብምግባር፡ ንኤርትራ ናይ ምምቃል ዕላማኡ ንምስላጥ እዩ ክጥቀመሉ ፈቲኑ። ኣብ እዋን መግዛእቲ ኢጣልያ ናይ ትምህርቲ ዕድል ዘይረኸበ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ፡ እዚ መሰል'ዚ ስለዝተዋህቦ ጥራይ ብሱላትን ሓያላትን ፖለቲካዊ ሰልፊታት ክፈጥር ብቑዓት ኣይነበሮን።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ብሪጣንያን ገዛእቲ ኢትዮጲያን ብስውር መገዲ ሽፍትነት ብምትብባዕ ህዝቢ ኤርትራ ሰላም ዘይብሉ፡ ንሃገርነት ዘይብቅዐ ህዝቢ ምዃኑ ንምእማን ይጽዕሩ ነበሩ። ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዝኣመሰለ ድንብልቕልቕ እዋን ድማ እዩ እቲ ፖለቲካዊ ተሞክሮ ዘይነበሮ ህዝቢ ኤርትራ፡ መጻኢ ዕድሉ ናይ ምውሳን ታሪኻዊ ብድሆ ዝገጠሞ። ምስ ኩሉ'ቲ ዝነበረ ብድሆታት ግን 10 ዓመታት ምምሕዳር ብሪጣንያ፡ ኣብ ፖለቲካውን ባህላውን ህይወት ኤርትራውያን ሓደሽ ምዕባሌታት ምኽሰቱ ኣይተረፈን።

ምውጋን ግዝኣታት ኢጣልያ ሓላፍነት ሕቡራት ሃገራት እኳ እንተነበረ፡ ኣብ ውሳነ ናይቲ ውድብ ዓቢ ተራ ዝነበራ ኣመሪካ እያ። ናይቲ ግዜ'ቲ ምስጢራውያን ሰነዳት ከምዘረጋግጽዎ፡ ኣመሪካ 2ይ ኩናት ዓለም ኣብ ዝተዛዘመሉ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ቀጻጽራ እተደልድለሉ፡ ኣብ ህንዳዊ ውቅያኖስን ርሑቕ ምብራቕን ምስ ዝነበረ መደብራት ብቐሊሉ እትራኸበሉ ቦታ ትደሊ ብምንባራ፡ ንጥምጥም ባሕሪን ከባቢታትን ኤርትራ ዓይኒ ኣውዲቓትሉ ነበረት። ስለዚ ድማ፡ ንምዕራባዊ ቀላታት ኤርትራ ናብታ ግዝኣት እንግሊዝ ዝነበረት ሱዳን ጸንበራ ንከባቢን ጥምጥም ባሕሪን ኤርትራ ንጉዳል ኪዳና ሃጼ ሃይለስላሰ ሂባ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ክተእትዎ ዝተወደአ ውጥን ነበራ። ምምቃል ኤርትራ ሓያል ተቓውሞ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ገጠሞ ግን፡ ኣመሪካ ንህዝቢ ኤርትራ መሰል ርእሰ ውሳኔኡ ከልኪላ፡ ድሕሪ 60 ዓመታት መግዛእቲ፡ ብ1952 ብስም ፌደረሽን ምስ ኢትዮጲያ ከምዝቶቖረን ብምግባር ናብ ካልእ ባርነት ኣእተወቶ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ሆይሆይታ ናይ ፖለቲካ ሰልፈታት፡ ዘተ ሕቡራት ሃገራት ብዛዕባ መጻኢ ዕድል ኤርትራን ምምጻእ ልኡኻት ናይቲ ውድብን ፖለቲካዊ ተዋስኦ ጥራይ'ዩ ዝነበረ። ብጭቡጡ ህዝቢ ኤርትራ መጻኢኡ ክውሰን ክፉት ዕድል ኣይተዋህቦን። ፌደረሽን ምስ ኢትዮጲያ ከኣ፡ ምርጫ ህዝቢ ኤርትራ ኣይነበረን። ኑየም ኤርትራ ብታሪኻን ባህልን ኣካልና'ያ ኢሎም ዝምጉቱ ዝነበሩ ገዛእቲ ኢትዮጲያ'ውን እንተኾነ ፌደረሽን ምለእ ዓወት ኣይነበረን።

### ኣብጣን ምጅማር ብረታዊ ቃልሲን

ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ታሕሳስ 1950 ብዐይን 390 A(V) ኤርትራ ብፌደረሽን ምስ ኢትዮጲያ ክትቆረን ድሕሪ ምውሳኑ፡ ኣብዚን ዝቖጸለ 10 ዓመታት ፌደራላዊ ሕብረት (1952-1962)፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ፌደረሽን ምርጫኡ እኳ እንተዘይነበረ፡ ውሳነ ሕቡራት ሃገራት ተቐቢሉ፡ ንሕግታት ፌደረሽን ኣኽቢሩ ምስ ገዛእቲ ኢትዮጲያ ብቅኑዕ መገዲ ክዋሳእ ፈቲኑ እዩ። ብኣንጻሩ ኤርትራ ግዝኣቱ ምኳና ክጸድቀሉ ዝጠልብ ዝነበረ ስርዓት ሃይለስላሴ፡ ውሳነ ፌደረሽን ስለዘየዕገቦ፡ ቀስ ብቐስ ነቲ ፌደረሽን ትርጉም ኣልቦ ክገብሮ እዩ መዲቡ። በዚ ድማ ካብ ሕጊ ወጻኢ ሰራዊቱ ኣብ ኤርትራ ከስፍር፡ ንህዝቢ ናይ ምእካብን ምጽሓፍን መሰላት ክኽልክል፡ ሰልጣን መንግስቲ ኤርትራ ክሽርምም፡ ትካላት ፍትሒ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ክእቱ፡ ባይቶ መንግስቲ ኤርትራ ክዘምት፡ ቁጠባዊ ትካላት ኤርትራ ክሓ ጀመረ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ቋንቋ ኣምሓርኛ፡ ንቋንቋታት ትግርኛን ዓረብን ተኪኡ ወግዓዊ ቋንቋ ናይ ኤርትራ ከምዝኸውን ብምግባር፡ ጥንዲራ ኤርትራ ደርቢዩ ብጥንዲራ ኢትዮጲያ ተኪኡ።

ሃጼ ሃይለስላሰ እዚ ኩሉ ክገብር እንከሎ ምትብባዕ ኣመሪካ ኣይተፈልዮን። ህዝቢ ኤርትራ፡ ክሳብ ናብ ሕቡራት ሃገራት ብምጥራዕ ብፖለቲካዊን ሰላማዊን መገዲ ንግህሰት ፌደረሽን እንተ ተቓውሞ እኳ፡ ሰሚዒ እዝኒ ኣይረኸበን። ኣብ ከተማታት ኤርትራ ዝተኻየደ ሰላማዊ ሰልፈታት ድማ ብሓይሊ ብረት ተደቍሱ። እዚ ቅሉዕ ግህሰትን ሰቅታ ማሕበረሰብ ዓለምን ከኣ ንህዝቢ ኤርትራ ካልእ ኣማራጺታት ክጥምት ደረኾ።

ኣብ መወዳእታ 50ታት ንኸቦጣ ኢትዮጲያ ዝቃወም ንሓርነት ኤርትራ ክቃለስ ዝንቀደ፡ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓረካ) ወይ ማሕበር ሸውዓተ ዝተሰምየ ምስጢራዊ ውድብ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ብዝርከቡ ኤርትራውያን ተመስረተ። ማዕረ ማዕረ'ዚ ድማ ኣብ ወጻኢ፡ ብፍላይ ኣብ ግብጺን ሱዳንን ዝነበሩ ኤርትራውያን ብረታዊ ቃልሲ ንምጅማር ካልእ 'ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ' ዝተባህለ ውድብ ንምምስራት ክተኣኻኽቡ ጀመሩ። ኣብ ባሕቲ መስከረም 1961 ከኣ፡ ብወተሃደራዊ መራሕነት ሓምድ እድሪስ ዓዋተ፡ ከምኡ'ውን ብደርኸት ንተ.ሓ.ኤ. ዘቖሙ ካብ ኤርትራ ዝተሰደዱ ፖለቲካውያን መራሕቲ፡ ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተወልዐ።

ድሕሪ 20 ዓመታት፡ ፖለቲካዊን ሰላማዊን ቃልሲ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብረት ምልዓሉ፡ ሕድገት ዘየፍቅድ ቁርጺ ውሳኔኡ ንምልእ ናጽነት ዘጸረ ተበጊሶ'ዩ ነይሩ። ይኹን'ምበር፡ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ክንዲ፡ በቲ ዝሓለፈ ተሞክሮን ኣውዓዲጥን ዝበሮ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓረካ) ዝጀመር፡ ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ምጅማሩ ናይ ታሪኽ ሓደጋ እዩ ኮይኑ። ምኽንያቱ እቶም ንተ.ሓ.ኤ. ዝመስረቱ ፖለቲካውያን መራሕቲ፡ ኣብ 40ታት ብዝነበረ ጸቢብ ጥምጥማ፡ ቀቢላውን ሃይማኖታውን ትሕተ-ሃገራዊ ፖለቲካ ምሕር ዝተጸልወ ነበሩ። ብኣንጻር ሓረካ፡ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ወጻኢ ዝተመስረተ ኣብ ውሽጢ ሃገር ሰር ዘይነበሮ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ብዝነበሩ ዓቃባውያን ናይ ፖለቲካ ሓይልታት ዝተጸልወ ምንባሩ፡ ምስ ክውንነት ኤርትራ ዝሰነ ኣመራርሓ ከምዘይብል ካብ ዝምንቀጾ ድኽመታት እዩ ነይሩ።

ምስቲ ኣብ 50ታት ኣብ ከተማታት ኤርትራ ተፈጢሩ ዝነበረ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ሃገራዊ ኣተሓሳስባን ብምንጽጻር፡ እምበኣር፡ ኣመራርሓ ተ.ሓ.ኤ. ድሑር ነበረ። ሓረካ ዋላ እኳ ንብዙሕ ምኽንያታት ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ምጅማር እንተተደናገየ፡ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ብተ.ሓ.ኤ. ከም ኣምንታዊ ምዕባለ ተቐቢሉ ምስ መራሕቲ ተ.ሓ.ኤ. ኪዳን ንምምስራት እኳ እንተፈተነ፡ መራሕቲ ተ.ሓ.ኤ. ፍልልያት ሓሳብ ኣለዎም ብምባል ኣይተቐበልዎን። ኣብ መወዳእታ ድማ ሓረካ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ንምስታፍ ሜዳ ምስ ኣተወ ብሓይሊ ብረት ጨፍለቕዎ።

**ይቕጽል . . .**

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ውዕሎ ሳልሳይ መድረኽ ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል
### ሮምናን ሮቤልን መሪሕነት ሒዞም

ዘዋሪት ዋንጫ ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል፡ ትማሊ ዓርቢ፡ ተቐዳደምቲ ብዘሳተፈሉ ሳልሳይ መድረኽ ቀጺሉ።

ደቂ ኣንስትዮ፡ ካብ ባሕቲ መስከረም ተበጊሰን ሰላም - ሕምብርቲ - ኣብ ጎዳይፍ ዝተዛዘመ 96.7 ኪሎሜተር ሸፊነን። ኣብዚ ተቐዳደምቲ ደንደን ኣድያም ዳዊት ዝያዳ ዝኸሰበትሉ ዕለት፡ ብዓወታ እዩ ተዛዚሙ። ኣብዚ ዓመት ካብ ዓወት ርሒቓ ዝጸንሐት እዛ ብልጽቲ ተቐዳዳሚት፡ ብ2 ሰዓት፡ 28 ደቒቕን 52 ካልኢትን እያ፡ ንጉል ጋንታኣ ሮምና ገብሸን ኣባል ጋንታ ደቡብ ናርዶስ ጴጋይን ኣኸቲላ ቀዳመይቲ ኣትያ።

ዛጊት ተኻይዱ ኣብ ዘሎ ሰለስተ ውድድራት ቀዳመይቲ ከይወጸኣት ዝጸንሐት ሮምና፡ በዚ ናይ ትማሊ ዘመዝገበቶ ዓወት ነታ ብዓዜ ክትመርሕ ዝጸንሐት ተቐዳዳሚት ዓራግ - ብርኽቲ ፍስሃየ በሊጻ ብ8 ሰዓት፡ 11 ደቒቕን 28 ካልኢትን መሪሕነት ተቐቢላ ኣላ። ብርኽቲ - ሸውዓተ ካልኢት፡ ኣድያም 14 ካልኢት ተፈንቲተን ደስዒበኣ።

ሮምና፡ ኣብ ናይ ሸኣ ውድድሮውን መሪሕነት ተቐቢላ እያ - ካብ ብርኽቲ፡ ብዚ ማሰረት ሮምና ብ31 ነጥቢ ቀዳመይቲ፣ ብርኽቲ፡ ብ30 ነጥቢ ካልኣይቲ፡ ኣድያም፡ ብ24 ነጥቢ ሳልሰይቲ ተሰሪዐን ኣለዋ።

ብጋንታ ድማ፡ ዓራግ፡ ደንደንን ደቡብን ብተመሳሳሊ 24 ሰዓት፡ 36 ደቒቕን 3 ካልኢትን ተመራሪሐን ክሳብ ሳልሳይ ተሰሪዐን ኣለዋ።

ደቂ ተባዕትዮ፡ 157.7 ኪሎሜተር ኣብ ዝርሕቀቱ መስመር ባሕቲ መስከረም - ሰላም - ኣፈልባ - ኣስመራ - ሕምብርቲ - ኣስመራ ተወዳዲሮም። ናይ ውልቂ ተቐዳዳማይ ሮቤል መሓሪ ድማ፡ ብ3 ሰዓት፡ 54 ደቒቕን 2 ካልኢትን ዕወት ሳልሳይ መድረኽ ኮይኑ። ተቐዳዳማይ ገዛ ባንዳ - ኢሰርም ተስፋይ ብተመሳሳሊ ግዜ ካልኣይ ኣትዩ። 28 ድሒሩ ንዝመጸት ጉጅለ ኸኣ ኣባል ደንደን ናኦድ ብርሃ ስዒሩዋ፣ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ።

ብዚ ወጽኢት፡ ኣብ ናይ ግዜ ውድድር ተቐዳዳማይ ደቡብ - ሮቤል ሃብተማርያም፡ መሪሕነት ካብ ሄብሮን ብርሃ ተቐቢሉ ኣሎ፣ ብ11 ሰዓት፡ 44 ደቒቕን 18 ካልኢትን ድማ ይቕልስ። ብተኸታታሊ 56ን 58ን ካልኢታት ዝደሓሩ ኣባል ኤሪቴል ኢሳያስ ወዛሀብን ሄብሮን ካብ ሰምበልን ድሕሪኡ ተሰሪዖም ኣለዉ።

ኣብ ናይ ሸኣ ቃልሲ ግና፡ ሄብሮን ዛጊት መሪሒ ኣሎ - ብ18 ነጥቢ። ሮቤል መሓሪ 14፡ ኣኸለሉ ኣተኸም ትሽዓተ ነጥቢ ኣከቢም ይስዕብዎ።

ደንደን ድማ፡ ብ35 ሰዓት፡ 14 ደቒቕን 16 ካልኢትን ንናይ ጋንታ ውድድር ትቕልሶ ኣላ። ሰምበል፡ 44 ካልኢት ድሒራ ትስዕብ።

እዞም ክልተ ዲቪዥናት፡ ሎሚ ኣዕሪፎም ጽባሕ ራብዓይ መድረኽ ክሳለሱ እዮም። ደቂ ኣንስትዮ፡ ባሕሪ መስከረም - ጊንዳዕ በጺሐን ኣብ ብለቀ ጫዕ ዝዛዘም 93 ኪሎሜተር፣ ደቂ ተባዕትዮ፡ ባሕቲ መስመር - ጋሕቴላይ - መትከል ኣቤት - ጋሕቴላይ - ብለቀ ጫዕ ናይ 169.2 ኪሎሜተር ፈታኒ ጸወታ ይጽበዮም።



ዕዉት መድረኽ ሮቤል መሓሪ

---

## ደባርዋ፡ ቅድድም ብሽክለታ ይካየድ ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ደባርዋ፡ ብምኽንያት ብዓል ናጽነት ንሓሙሽተ ሰናብቲ ዝቕጽል ቅድድም ብሽክለታ ዝሓለፈ ሰንበት ጀሚሩ።

ኣብቲ ክልተኡ ጾታ ዝሰተፍዎ ዘለዉ ውድድር፡ ኣብ ሳልሳይ ዲቪዥን ኤልሻዳይ ሚከኤሉ የታም ፊልሞንን ሚከኤል ሃይለን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ኣትዮም። ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን፡ ኤቨን ተስፋይ ክዕወት ከሎ፡ ኣሚናዳኣብ ርእሶምን ሳይሞን የናስን ተኸቲሎሞ።

ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ልዋም ኪዳንማርያም፡ ሳምራዊት ደብሳይን ኮኾብ ኣብርሃምን ተመራሪሐን ኣትየን።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ ዝለዓለ ቀላሕታ ዝረኸበ ውድድር ቀዳማይ ዲቪዥን ደቂ ተባዕትዮ፡ ዳኒኤል ክፍሎምን ሙሴ ኢሰያስን ካብ ዓባይ ጉጅለ ሃዲሞም ቀዳማይን ካልኣይን ኣትዮም። ድሒራ ኣብ ዝመጸት ጉጅለ ድማ፡ ተቐዳዳማይ ጋንታ ሪህዋ ናትናኤል ጴጋይ ብምዕዋት ሳልሳይ ደረጃ ምሓዙ፡ ወከል ዜና ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ሓቢሩ።



---

## ሄኖክ፡ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ

ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ክለብ ኣስታና - ሄኖክ ምሉእብርሃን ትማሊ ኣብ ሳልሳይቲ መድረኽ ዙር ሃይናን ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ።

ሄኖክ፡ ኣብዛ 212.6 ኪሎሜተር ዝሸፈነት መድረኽ፡ ነታ 47 ካልኢት ድሒራ ዝመጸት ጉጅለ ሰዒሩ እዩ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ። ዩክረይናዊ ክዩርሎ ሳረንኮ፡ ንቤልጅዩማዊ ተቐዳዳማይ ቻይናዊት ክለብ ሊ ኒግ - ክሪስቲያን ራለኣት ረቲዩ እዩ - ብ5 ሰዓት፡ 14 ደቒቕን 20 ካልኢትን ተዓዊቱ።

ሻምፕዮን ኣፍሪቃ 2024 ዝኾነ ሄኖክ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብዚ ውድድር ተጻዊቱ ነይሩ፣ ኣብ ናይ ግዜ ማልያ ድማ፡ ካልኣይ ደረጃ ሒዙ ዛዚሙ።

እዚ ኣብ ቻይና ካብ ዝሳለሉ ናይ ዩሲኣይ ውድድር፡ ናይ 2.Pro መለክዒ ዘለዎ ኮይኑ፡ ሎሚ ዓመት ንመበል 16 ግዜኡ እዩ ዝካየድ ዘሎ። ሎሚ ወጋሕታ ድማ፡ ኣብ ራብዓይ መድረኽ 190.8 ኪሎሜተር ክሸፍን እዩ።

---

## "ኣርሰናል፡ ኣብ ሻምፒዮንስ ሊግ ሓደ ካብ ዝበለጹ . . ." ተንተንቲ
### ማድሪድ፡ ውጽኢት ክትቅይሮ ትኽእልዶ?

ዝሓለፈ ሰሉስ ምሸት እቲ ዝዓበየ ስፖርታዊ ንጥፈት ዓለም ዝበረ ጸወታ ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ዘይትጸበታዊ ወጽኢት ሰሪዱ ሓሊፉ ኣሎ።

ኣብቲ ምሸት፡ ኣርሰናል ንሪያል ማድሪድ ዓዲማ ዘካየደቶ ጸወታ ድማ፡ ልዑል ግምት ዝተዋህቦን ኣገራሚ ወጽኢት ዝተመዝገቦን ነይሩ፣ ወላ'ኳ ኣብ ስፖርት ኣገረምቲ ፍጻመታት ምርኣይ ልሙድ እንተኾነ።

ኣብቲ ግጥም፡ ዝመቀረን ዝዋርዋረን ወጽኢት ኣብ ካልኣይ እብረ እዩ ኣጋጢሙ። ነቲ ዝመቀረ ወጽኢት - ብሰንኪ ኣብዚ ውድድር ዘለዋ ንእሹቶ ታሪኽ ዝውሓደ ግምት ዝተዋህባ ኣርሰናል ሓፊሳ ወሲዳቶ - 3-0 ብምዕዋታ። "ሓደ ካብ ዝበለጹ እንግሊዛውያን ክለባት ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ካብ ዘርኣየኦ ብቕዓት"፣ "ኣብ ታሪኻን ኣብ ሜዳኣ ኢማራትስን ዘጋጠመቶ እቲ ዝበለጸ ቁመና" . . . ድማ ተባሂሉላ።

ብኣንጻሩ፡ ናይዚ ውድድር ብዓልቲ ዓርሞሽሽ ዝና ዝኾነትን ዝለዓለ ግምት ዝተዋህባን ሪያል ማድሪድ፡ ክትውሕጦ ዘኸበዳ ወጽኢት ተሰኪማ ናብ ሃገራ ተመሊሳ - ዝመረረ ሽንኽ ናይቲ ምሸት።

#### ዝዓበየ ኣርእስቲ

ወላ'ኳ ብሓፈሻ ተጻወትቲ ኣርሰናል ኣብዚ ግጥም ብዘንጸባርቕዎ ብቕዓት ኣርእስቲ እንተሰርሑ፡ ናይ ኣከፋፋሊ ደክላን ራይስ ግና ሕልፍ ዝበለ እዩ። ራይስ ብዘይካ'ቲ ዘርኣዮ ብሉጽ ምንቅስቓስ፡ ብመገዲ ናጻ ቅላዓት ክልተ ብሉጻት ሸቶ እዩ ኣመዝጊቡ።

ኣብ ክራማት 2023 ናብ ኣርሰናል ቅድሚ ምምጽኡ ምስ ዌስት ሃም ዝተጻወተ - ራይስ፡ ብሓፈሻ ኣብቲ ምሸት ማበል 339 ናይ ዓበይቲ ፕሮፈሽናል ጸወታኡ ኣሰላሲሉ፣ ብመገዲ ናጻ ቅላዕ ሸቶ ኣመዝጊቡ ግና ኣይፈለጦን እዩ።

እንተኾነ፡ ብቕድሚ ትማሊ፡ ብመገዲ ናጻ ቅላዕ ክልተ ኣዝየን ብሉጻት ሸቶታት ኣቑጺሩ። ናጻ ቅላዕ ኣርሰናል፡ ሙብዝሕትኡ ግዜ ሳካ ወይ ኦደጋርድ እዮም ዝሰርሙወን። ኣብታ ምሸት ግና፡ ራይስ፡ ኣብ መከላኸሊ መንደቕ ናጻ ቅላዕ ማድሪድ ከፋት ቦታ ከምዝረኣየ ንሶካ ድሕሪ ምንጋሩ፡ "እንተርኢኻ ህረማ" ኢሉ ከምዝተባብዖ ገሊጹ። ሽሕ'ኳ ክኢላ 'ተተኸለን ዝቐልዓ' (ሴት ፒስስ - ከም ናይ መኣዝን ቅላዕ፡ ናጻ ቅላዕ፡ ቅላዕ መቐጸዕቲ) ጋንታኦም ዝኾነ ኒኮ ጆቨል፡ ኣቐዲሙ ከሻሙዋ (ክኸርሳ) ኣመልኪቱሉ እንተነበረ።

ክልተኣን ህረማት ናይ ራይስ ከተድሕንን ከቢድኒ ምኽንያ ናይ ቅድም ሓላዊ ልዳት እንግሊዝ ሮብ ግሪን ይዛረብ፡ "ዝያዳ ግና፡ እታ ካልኣይቲ" ይብል።

ብመሰረት ስታትስቲካዊ ሓበሬታ፡ እታ ቅላዕ፡ ዒላማ ክትሃርም 97% ተኽእሎ ነይሩዋ፣ እዚ ማለት፡ ሓደ ካብ ዝበለጹ ሓለውቲ ልዳት ዓለም ዝኾነ ቲቦት ኮርቱዋ፡ 3% ጥራይ እዩ ከድሕና ተኽእሎ ነይሩዎ። ወጽኢት ክቕይራ ዝኽእላ ዕድላት ኣርሰናል ዘምከነ - ኮርቱዋ፡ ንቅላዓት ራይስ ዝኸውን መልሲ ግና ኣይነበሮን። ንቀዳመይቲ ቅላዕ ሓለፍቲ ከምዝወሰደላ'ውን ተዛሪቡ እዩ - ምኽንያቱ፡ ኣብ ምዕጻው ተጻወትቲ (መንደቕ መከላኸሊ) ብዘየገድስ ስለዘይዓጸዎ። ንካልኣይቲ ግና፡ ዝኾነ ሓላዊ ልዳት'ኳ ክመልሳ ዘኽእል ኣይነበረን።

#### ራይስ - ታሪኽ ሰሪሑ

እዚ እንግሊዛዊ ሓሙሻይ ተጻዋታይ ኣብ ሓደ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ብመገዲ ቀጥታዊ ናጻ ቅላዕ ክልተ ሸቶታት ዘመዝገበ ኮይኑ ኣሎ።

ኣቐዲሞም፡ ሪቫልዶ (ባርሴሎና) - ኣብ 2000 ኣንጻር ኤሲ ሚላን፡ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ (ሪያል ማድሪድ) ኣብ 2009 ኣንጻር ዙሪክ፡ ነይማር (ፒኤስጂ) ኣብ 2018 ኣንጻር ረድ ስታር በልግሬድ፡ ሓከም ዚያች (ጋላታሳራይ) ኣብ 2023 ኣንጻር ማን ዩናይትድ ሰምም ኣሰፊሮም ጸኒሖም።

ኣብ ኣውዲቐካ ምሕላፍ እዚ ውድድር ክልተ ቀጥታውያን ናጻ ቅላዕ ዘመዝገበ ናይ መጀመርያ ተጻዋታይ ግና - ራይስ እዩ።

ብቀጥታዊ ናጻ ቅላዕ ሸቶ ካብ ዘይተመዝገበ ነዊሕ ዘቑጸረት ኣርሰናል ድማ፡ ጾመ ሉጋማ ተፈቲሑላ። እዛ ጋንታ፡ ካብ ቀጥታዊ ናጻ ቅላዕ ኣብ መስከረም 2021 ኣንጻር በርንሊ ብመገዲ ሓሊቓኣ - ኦደጋርድ ሸቶ ምስ ኣመዝገበት እያ።

ልክዕ እዩ፡ ሳካ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ ኣብ ናይ ምድኒብ ጸወታ እዚ ውድድር፡ ኣብ ልዕሊ ፒኤስጂ ብመገዲ ናጻ ቅላዕ ሸቶ ኣመዝጊቡ ነይሩ። እንተኾነ፡ ከዕሶ ከሻሙዋ (ወይ ክኸርሳ) ኢሉ እምበር፡ ከም ናይ ራይስ ብቐጥታ ከመዝግብ ኢሉ ከምዘይቀልዓ እያ ትግለጽ።

#### ማድሪድ፡ ወጽኢት ክትቅይሮ ትኽእልዶ?

ማድሪድ፡ ወላ'ኳ 15 ግዜ እዚ ውድድር ብምዕዋታ ፍሉይ ታሪኽ እንተለዋ፡ ኣብ ቀዳማይ እግሪ ዝተመዝገበ ሰለስተ ሸቶታት ኣሕውያ ግና ሓሊፋ ኣይትፈልጥን እያ። ዛጊት ናይዚ ወቕቲ ዝበርትዐ ሰዉ ገዛ ድማ ይጽበያ - ዝመጽእ ሰሙን ኣብ ሜዳኣ። ባርሴሎና፡ ኣብ 2017 ኣብ ሜዳ ፒኤስጂ 4-0 ተሳዒራ መጺኣ፡ ኣብ ካልኣይ እግሪ ሜዳኣ 6-1 ሰዒራ ብድምር 6-5 ተዓዊታ ዝሓለፈቶ ታሪኽ ድማ፡ ናብ ቀረባ ኣብነት ኣብ ሃገሪ እስፓኛ ኣለዋ።

ብኣንጻሩ ኣርሰናል፡ ማበል 12 እንግሊዛዊት ክለብ ኣብ ቀዳማይ እግሪ ኣውዲቐካ ምሕላፍ እዚ ውድድር፡ ሰለስተን ልዕሊኡን ሸቶ ዘመዝገበት ኮይና ኣላ። እተን 11 ናብ ዝቕጽል መድረኽ ሓሊፈን እየን።

#### ኣርሰናልከ?

ኣርሰናል፡ ናብ ፍርቂ ፍጻመ ምስ እትሓልፍ፡ ድሕሪ 2009 ንፈለማ ግዜ እዩ ክኸውን። ጸዋእ ፕሪመር ሊግ ናይ ምልዓል ዊንታኣ ዝቐህማ ዘሎ ኣርሰናል፡ ምናልባት ነዛ ተስፋ ረኺባትላ ዘላ ዝዓበየት ኤውሮጳዊት ዋንጫ እንተተዓዊታትላ ግና፡ ልዕሊ ጸዋእ ፕሪመር ሊግ ከምዝኸውን ኣየጠራጥርን፣ ምኽንያቱ፡ ጨቢጣታ ስለዘይትፈልጥ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ እዚ ዓወት፡ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ዝጸንሐ ናይ ኣርባዕተ ክለባት 'ኮታ' ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ፡ ናብ ሓሙሽተ ኣዕሪጎዎ ኣሎ። እዚ ማለት፡ ንዓመታ ካብ ቀዳመይቲ ክሳብ ሓሙሻይቲ ዝወጽኣ ጋንታታት ክሳተፋኦ እየን።

---

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ዋንጫ ናጽነት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ**

**ዞባ ማእከል**

ቀይሕ ባሕሪ - ኣስመራ በራ 2:00 ድ.ቀ

ደንደን - ኣልታሕረር 4:00 ድ.ቀ

**ኤውሮፓ ሊግ ርብዒ ፍጻመ ቀዳማይ እግሪ**

ቦዶ - ላዚዮ 7:45 ድ.ቀ

ሊዮን - ማን ዩናይትድ 10:00 ድ.ቀ

**(ቻናል-2)**

ቶተንሃም - ኢንትራክፍራንክ ፈርት 10:00 ድ.ቀ

ሬንጀርስ - ኣትሌቲኮ በልባኦ 10:00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## "ሃገራት ኤውሮጳ ንዓለም ናብ ዓዘቕቲ ውግእ ዘእተዋ እየን" ሰርጌ ላቭሮቭ

ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ልዕሊ ሞስኮ ተጻብኢ መርገጺ ኣብ ዘኽተላሉ ዘለዋ እዋን፡ "ኩሉ ንዓለም ናብ ዓዘቕቲ ውግእ ዘእተወ ተግባራት ካብ ኤውሮጳ ዝነበሰ እዩ" ክብል ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ - ሰርጌ ላቭሮቭ ገሊጹ።

"ኤውሮጳ ኣንጻር ሩስያ ኣጸዋር ትዓጥቐን ንኽልኣት ተሰጥቐን ኣላ። እዚ ከኣ ንዓለም ናብ ዝኸፍአ ዓዘቕቲ ዘእቱ እዩ። ኩሎም ሕማቓት ተግባራት ዓለም፡ ኤውሮጳውያን ብጠፍጺሞም ዓሚጺ ተግባራት እዮም ተበጊሶም። ኩናት ናፖልዮን፡ ቀዳማይን ካልኣይን ኩናት ዓለም ከም ኣብነት ክንጠቕስ ንኽእል ኢና" ክብል እቲ ሩስያዊ ብዓል ስልጣን ኣረዲኡ።

ላቭሮቭ ኣሰዪቡ፡ ብፍላይ ፈረንሳን ዓባይ ብሪጣንያን ንሩስያ ናብ ዝኸፍአ ውግእ ንምእታው ኣብ ዘይተደለየ ተግባራት ኣትየን ከም ዘለዋ'ውን ሓቢሩ።



እዚ ድማ ዋሽንግተን ሓቢሻ ምዕራባውያን ሃገራት ኣካል ናይቲ ኣብ ኩናት ዩክሬን ንሩስያ ንምስዓር ዝኹብራኦ ዘለዋ ዘዩቋርጽ ጻዕሪ ምኳኑ ኣረዳኡ።

ላቭሮቭ ኣሰዪቡ፡ ሩስያ፡ ምዕራባውያን ሃገራት ነቲ ዝሓለፈ ጸለም ታሪኽ ዳግማይ ከይደግማኦ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዛ ክተጠንቕቕ ከምዝጸንሐት ገሊጹ።

ሩስያ ንዝነገጥማ ዘሎ ተጻብኦታት ብዝሓየለ መልክዑ ክትገጥሞ ከምዝጸግማ ዝጠቐሰ ላቭሮቭ፡ ኩሉ ሱብ ታሪኽ ክርስዕ ከምዘይብሉ ኣገንዚቡ።

ሰርጌ ላቭሮቭ፡ ንሩስያ ንምስዓር ንዝዋገር ዘሎ ፈተነታት ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ብዙሓት መራሕቲ ሃገራት ኣዕናዊ ሳዕቤናት ናይቲ ሃገራት ኤውሮጳ ዝኽተልኦ ዘለዋ ሓደገኛ ፖለሲታት ክርድኦም ጀሚሮም ከም ዘለዉ ሓቢሩ።

## ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ ፍርያት ቻይና ናይ 104% ቀረጽ ወሲኑ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ ካብ ቻይና ናብ ኣመሪካ ዝኣቱ መብዝሕትኡ ንግዳዊ ኣቕሑ ናይ 104% ቀረጽ ብምስልዑ፡ ኣብ መንጎ ክልተአን ዓበይቲ ሃገራት ተኸሲቱ ዘሎ ምትፍናን ዝያዳ ከይክርር ተሰጊኡ ተባሂሉ።

ኣብ መንጎ ኣመሪካን ቻይናን ዝቶቐድ ዘሎ ንግዳዊ ኩናት ንቁጠባ ዓለም ብኣሉታ ክጸልዎ ከምዝኽእል'ውን ይሕበር ዘሎ።

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ናብ ኣመሪካ ዝኣቱ ፍርያት ቻይና ሰፍ ዘይብል ቀረጽ ድሕሪ ምስላዑ፡ ቻይና ክሳዕ መወዳእታ ክትቃለስ ምዃና ኣብ ዘውጸኦቶ መግለጺ ኣፍሊጣ ኣላ።

ከም ቴሌፎናት፡ ኮምፕዩተራት፡ ሊትየም-ኣዮን ባተሪታት፡ ባምቡላታትን መጻወቲ ቪድዮታትን ዝኣመሰሉ ፍርያት፡ እቶም ብብዝሒ ካብ ቻይና ናብ ኣመሪካ ዝኣትዉ ምህርቲታት ምዃናቶም'ዩ ዝሕበር።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ቻይና ከም መልሱ-ተግባር ናይቲ ብኣመሪካ ዝተወሰደ ስጉምቲ - ኣብ ልዕሊ ናብ ዕዳጋታታ ዝኣቱ ፍርያት ኣመሪካ ናይ 34% ቀረጽ ሰሊዓ ኣላ።




እቲ ኣብ መንጎ ቻይናን ኣመሪካን ተፈጢሩ ዘሎ ንግዳዊ ግጭት፡ ንብዙሓት ወገናት ዓለም ኣሻቒሉ ምህላው'ን ማዕከናት ዜና ዓለም ይጸብጽባ ኣለዋ።

"እቲ ጉዳይ፡ መን ዝያዳ ቃንዛ ክጻወር ይኽእል ንምርኣይ ዝግበር ቃልሲ እዩ" ብምባል ድማ፡ ክኢላታት ስነ-ቁጠባ ይገልጽዎ ኣለዉ።

ኣመሪካ፡ ካብቲ ደሮ ተግባራዊ ገይራቶ ዘላ ወሰኽ ቀረጽ መዓልታዊ 2 ቢልዮን ዶላር ክትረክብ ምዃና፡ ሰብሉማዚ ምምሕዳር ትራምፕ ይሕብሩ።

## ደቡብ ሱዳን - ብሕማም ሸሮኽ 8 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ምብራቓዊት ግዝኣት ጆንግለይ - ደቡብ ሱዳን፡ ብቐረባ ሕክምና ክረኽቡ ብዘይምኽኣሎም ህጻናት ዝርከብዎም ሸሞንተ ሰባት ብሕማ ሸሮኽ ተለኺፎም ከምዝሞቱ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ንኻልኣይ ግዜ ኣብ ስልጣን ድሕሪ ምምጽኡ፡ ብሰንኪ'ቲ "ኣመሪካ ትቐድም" ዝብል ፖለሲኡ፡ ኣመሪካ ንዓለም-ለኻዊ መደባት ጥዕና እትገብሮ ዝነበረት ምወላ ከምዝጠየቶ'ዩ ክሕበር ጸኒሑ።

ከም ሳዕቤኑ፡ ደቡብ ሱዳን እትርከበን ብዙሓት ሃገራት ዓለም፡ ብሰንኪ ምንካይ ናይቲ ሓገዝ ኣብ ጸላት ጥዕናአን ከቢድ ቅልውላው ኣጋጢሙ ምህላዉ'ዩ ዝገለጸ።

'ሴቭ ዘ ቺልድረን' ዝተባህለ ትካል ረድኤት ኣመሪካ፡ ኣብ ግዝኣት ጆንግለይ ንዝርከብ 27 ማእከላት ጥዕና ክድግፍ ከምዝጸንሐ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ግን ሸውዓተ ካብ'ተን ማእከላት ጥዕና ምሉእ ብምሉእ ከምዝተዓጸዋን ካልኦት 20 ድማ ንጥፈታተን ክንክያ ተገዲደን ምህላወንን ይሕበር።

ብኣመሪካ ዝምወል - ንሕሙማት ናብ ሆስፒታል ዝወሰድ ዝነበረ ኣገልግሎት መጎዓዝያ'ውን ብሰንኪ ሕጽረት ገንዘብ ተዓጽዩ ብምህላዉ፡ እቶም ሸሞንተ ግዳያት ቅድሚ መሞቶም ናብ ሕክምና ንምብጻሕ ኣብ 40 ዲግሪ ሴንቲግሬድ ሙቐት ዘለዎ መንገዲ ንሰዓታት ክጓዓዙ ተገዲዶም እዮም።




ብሰንኪ እቲ ምምሕዳር ዶናልድ ትራምፕ ዝወሰዶ - ኣብ ሰብኣዊ ረድኤት ዝውዕል ባጀት ናይ ምንካይ ስጉምቲ፡ ልዕሊ 90 ሚእታዊት ውዕላት ትካል ኣህጉራዊ ልምዓት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ (USAID) ተሰሪዞም ከምዝለዉ'ዩ ዝገለጸ።

ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ ዝቐጸሉ ዓመታት ብሕጽረት መግቢ፡ መልክፍቲ ኤች.ኣይ.ቪ. ኤይድስ፡ ዓሶን ካልኦት ተላባዕቲ ሕማማትን ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ሰባት ክሞቱ ከምዝኽእሉ፡ ክኢላታት ጥዕና የጠንቅቑ ኣለዉ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ካብ ወርሒ መስከረም ክሳብ መጋቢት ኣብ ዝነበረ እዋን ጥራሕ፡ ኣብ ደቡብ ሱዳን ኣስታት 40 ሽሕ ሰባት ብሸሮኽ ከም ዝተለኽፉን 700 ሰባት ከምዝሞቱን - ማዕከን ህጻናት ውድብ ሕቡራት ሃገራት (ዩኒሴፍ) ይሕብር።

## ዶሚኒካ - ናሕሲ ቤት-ትልሂት ብምፍራሱ ልዕሊ 100 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ዶሚኒካሳንቶ - ርእሰ ከተማ ዶሚኒካ ኣብ ዝርከብ ቤት-ትልሂት ናሕሱ ብምፍራሱ፡ ብውሕዱ 103 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 150 ድማ ከምዝቖሰሉ ሰብ ስልጣን ናይ'ታ ሃገር ገሊጾም።

ወዲ 51 ዓመት ፍሉጥ ተጻዋታይ ሊግ ሻኩ (ቤዝቦል) ነበር ኦክታቭዮ ዶቴል፡ ሓደ ካብ'ቶም ግዳያት ናይ'ቲ ሓደጋ ምኳኑ ድማ ሓቢሮም።

ዶቴል፡ ብሓገዝ ሰራሕተኛታት ህይወት ኣድሕን ካብቲ ፍርስራስ ድሕሪ ምውጽኡ ናብ ሆስፒታል'ኳ እንተምርሐ፡ ኾ ኣብ መንገዲ እንከሎ ከም ዝሞተ'ውን ወሲኾም ኣረዲኦም።

እቲ ሓደጋ ዝሓለፈ ሰሉስ ንጉሆ እዩ ኣብ 'ጀት ሴት' ዝተባህለ ቤት-ትልሂት ብሓደ ህቡብ ደምጻዊ ኮንሰርት እናተኻየደ ከሎ ኣጋጢሙ።

ኣማኢት ሰባት ኣብ ውሽጢ እቲ ቤት-ትልሂት ይዘናግዑ ከምዝነበሩን ኣስታት 400 ዝኾኑ ህጹጽ ረድኤት ዝህቡ ሰራሕተኛታት ድማ ኣየም በቲ ናሕሲ ተጸቒጦም ዘለዉ ግዳያት ንምርዳእ ይረባረቡ ከም ዘለዉ፡ ማዕከናት ዜና ናይ'ታ ሃገር ገሊጸን።

በዚ ምኽንያት ከኣ፡ ቀጽሪ ግዳያት ክይወሰኽ ስግኣት ከም ዘሎ ወሲኸን ሓቢረን።

ጀት ሴት፡ ኣብታ ከተማ ዝርከብ ዝዓበየን ዝተፈልጠን ቤት-ትልሂት ኮይኑ፡ ወትሩ ሰኑይ ምሸት ናይ ሳልሳዊትን መዚቃን ኮንሰርት ከምዘኻይድ ይንገረሉ።

እቲ ሓደጋ ኣብ ዘጋጠመሉ እዋን፡ ፖለቲከኛታት፡ ስፖርተኛታትን ካልኦት ፍሉጣት ሰባትን ኣብኡ ይዘናግዑ ምንባሮም ድማ ይሕበር።



## ህንዲ - ኣንጻር ወፍሪ ዕደና ተቓውሞ ይካየድ

ህንዲ፡ ኣብ ባሕሪ ሓዊሱ ኣገዳሲ ማዕድናት ንምድህሳስ ናይ 1.8 ቢልዮን ዶላር ወፍሪ ተኻይድ ከምዘላ ተገሊጹ።

እንተኾነ፡ እቲ ወፍሪ ካብ ገፈፍቲ ዓሳን ካልኦት ኣካላትን እታ ሃገር ሓያል ተቓውሞ የጋጥሞ ከምዘሎ'ዩ ዝሕበር ዘሎ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ናሬንድራ ሞዲ፡ ህንዲ ድሕሪ 75 ዓመታት ንፈለማ እዋን ኣብ ገምገም ባሕሪ ዳህሳስን ንጥፈታት ዕደናን ክቡራት ማዕድናት ከተካይድ ምዃና ኣፍሊጦም ነይሮም።

እቶም ኣብ ማእከል ባሕሪ ዕደና ክካየደሎም ዝተሰለዩ ቦታታት ኣስታት 13 ብሎካት ክኾኑ ከለዉ፡ ሐጻ ንምዕዳን ዝተመርጹ ካልኦት ሰለስተ ቦታታት'ውን ኣለዉ - ብማሰረት ካብታ ሃገር ዝተዘርግሐ ሓበሬታ።

'ኬራላ' ኣብ ዝተባህለ ገምገም ባሕሪ ዝርከቡ ሰለስተ ናይ ዕደና ቦታታት - ብማእከላይ ገምጋም 302.42 ሚልዮን ቶን ዝግመት ሐጻ ዝሓዙ ኮይኖም፡ እቲ ዓቕርሞ ዘለዉ ማጠን ሐጻ ልዕሊ 10 ሽሕ ኪሎ ሜተር ዝንውሓቱ ጽርግያ ክስርሕ ከምዝኽእል ሰብሉማዚ'ታ ሃገር ይገልጹ። ገፈፍቲ ዓሳ ኬራላ ግን እቲ ተወጢኑ ዘሎ መደብ ዕደና ንመነባብሮኦም ብኣሉታ ከም ዝጸልዎ ብምግላጽ፡ ቀጻሊ ተቓውሞኦም የሰምዑ ከምዘለዉ'ዩ ዝሕበር።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሩታ | 10/04/2025 | ሰምበል ገዳም (ሰምበል እንዳ ቦንዳ)፡ ጎደና 863-189 | 07158556 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565